# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 35 ዓመት ቁ.110 | ረቡዕ 7 ጥሪ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ኣኽሱምን ቀይሕ ባሕርን. . .



ገጽ 3 — ጽልዋ ብከላኸልቲ ኣብ ባሕሪ



ገጽ 5 — ሪፖርታጅ፦ ጽንብል በዓል ልደት፡ ኣብ. . .



ገጽ 9 — ዋሕዚ ዓወት



ገጽ 11 — ቸልሲ ንሮዘንዮር ሸይሙ




## ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ፡ ብምኽንያት በዓል ልደት ቃለ-ቡራኬ ሂቦም



ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ቀዳማዊ - 6ይ ፓትሪያርክ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ፡ ብምኽንያት በዓል ልደት ቃለ-ቡራኬ ሂቦም።

ኣቡነ ባስልዮስ መልእኽቶም፡ በዓል ልደተ ብዝዮሙቱ ክብ'ክብሮ ከሎና፡ በረኸት ክንረኽበሉ ምእንቲ፡ ዓቕምና ብዝፍቅዶ ንጽጉማት ክንረድእ፡ ንስኡናት ክንካፈል፡ ንሕዙናት ክንጸናንዕ፡ ንሕሙማት ክንበጽሕ፡ ንዝዋረዱ ክንክድን፡ ግላዊ ሓሳብ ኣወጊድና ብፍቕሪ ክንተኣሳሰር፡ ከምኡ'ውን ሓድነትና ክንደልድልን ጸንዕ ተነሲኡ ክንሰንቕን ከምዝግባእ ገሊጾም።

ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ቀዳማዊ ኣብ መወዳእታ፡ ሃገርና ክልምዕን ክንሕልውን ደጋንሓሊይ ዘይብዛሎ ዕማም ከምዘየኹነ ብምጥቃስ፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ንዘርከብ ህዝቢ ኤርትራን ንጀጋኑ ሓይልታት ምክልኻልን ሰናይ ምንዮቶም ገሊጾም። **(ምሉእ ትሕዝቶ ኣብ 2ይ ገጽ ኣሎ)**

## ጋሽ-ባርካ፡ ኣስታት 3 ሚልዮን እንስሳታት ተኸቲበን

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ጥዕና እንስሳታት ብምውሓስ ምህርተን ንምዕባይ ኣብ መወዳእታ 2025 ብዝተኻየደ ወፍሪ ኣስታት 3 ሚልዮን እንስሳታት ከምእተኸትባ ተሓቢሩ።

እቲ ኣብ 16 ንኡሳን ዞባታት ዝተኻየደ ወፍሪ ተርእዮ ካብ እንስሳታት ናብ ሰብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ንምቁጽጻርን ውሑስን ብርኩትን ምህርቲ ንምርካብን ዝዓለመ ምዃኑ ዝጠቐሰ ሓላፊ ኣሃዱ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ ኣቶ ሳሙኤል ክፍለጽዮን፡ ኣብ'ቲ ናይ ክታበት ወፍሪ፡



ንልዕሊ 255 ሽሕ እንስሳታት ሕክምናዊ ኣገልግሎት ከምእተዋህበ ገሊጹ።

በቲ ወፍሪ 2.2 ሚልዮን ጠሉበዕ ጸረ ጉልሓይ መሰልን ፍሮማይን፡ ኣስታት 380 ሽሕ ከብቲ ጸረ ፍሮማይ፡ ልዕሊ 7 ሽሕ ኣኽላባት ጸረ ሕማም ዕቡድ ከልቢ፡ ልዕሊ 90 ሽሕ ደርሁ ድማ ጸረ ሕማማት ስርዓተ ምስትንፋስን ሰሚርን ከምእተኸትባ ዝጠቐሰ ኣቶ ሳሙኤል፡ እቲ ኣብ 25 ነቑጣታት ዝተዋህበ ሕክምናዊ ኣገልግሎት፡ ሓፈሻዊ ሕክምና፡ ከምኡ'ውን ፍወሳ ወሽጣውን ግዳማውን ባልዓት ዝጠቓለለ ምንባሩ ኣብሪሁ።

እቲ ክታበት፡ ኣብ ምክልኻል ሕማማት ብሓፈሻ፡ ኣብ ምውጋድ ናይ'ቶም ክሳብ 2030 ንምጥፍኦም ብዕቱብ ዝሰራሕ ዘሎ ዕጮኣም፡ ሕማም ዕቡድ ከልብን ጉልሓይ መሰልን ድማ ብፍላይ ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዘህልዎ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ዋና ዘይብሎም ፋሉላት ኣኽላባት ክውገዱ፡ ወነንቲ እንስሳታት ካብ ዘይውሑስ ተጠቃምነት ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒት ክቑጠቡ፡ ኣብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዘለዎም መረዳእታ ከዕብዩን ካብ ዘይተደልየ ምትሕውዋስ እንስሳታት ክጥንቀቑን ኣተሓሳሰበ።

## ኣገዳሲ ሓበሬታ

ማዕከናት ዜና ሃገርና፡ ኣብ ህልው ዓለማውን ዞባውን ምዕባለታት፡ ከምኡ'ውን ዘቤታዊ ጉዳያት ዘተኩረ ቃለ-መሕትት ምስ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ቀረባ መዓልታት ከቕርባ ምዃነን ንሕብር።

ሚኒስትሪ ዜና

## ፈጻሚት ሽማግለ ሃማመተኤ፡ ስትራተጂያዊ ውጥን ስራሕ ኣጽዲቓ

ፈጻሚት ሽማግለ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ብ3 ጥሪ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዘካየደቶ ኣኼባ፡ ክሰርሓሉ ንዝጸንሐ ስትራተጂያዊ ውጥን ብምዝምዛም፡ ናይ ዝቕጽል ሓሙሽተ ዓመታት ስትራተጂያዊ ውጥን ስራሕ ኣጽዲቓ።

ኣብ'ቲ ብደረጃ ማሕበር ብመንጽር ውጥንን ትግባረን ብጥርኑፍ ዝቐረበ ናይ ዝሓለፈ 5 ዓመት ጸብጻብ፡ ውጻኢታት ንምስፋሕ ዝተኻየደ ንጥፈታት፣ መንእሰያት ብቐጥባ ነፍሶም ዝኽእሉሉ ኩነታት ንምፍጣር ዝተዋህበ ሞያዊ ስልጠናታት፣ ከምኡ'ውን ምህዞን ዋዒንን መንእሰያት ንምትብባዕ ዝተወደበ ምርኢታትን ውድድራትን ጸላውን ኣድማዕን ከምዝዘበረ ተገምጊሙ።

ኣብ መወዳእታ፡ ፈጻሚት ሽማግለ፡ "መንእሰይ ይንቃሕ፡ ይወደብ፡ ይዕጠቕ" ብዝብል መርሓ፡ መንእሰያትን ተመሃሮን ተራኦም ኣብ መደባት ልምዓትን መኸተን ኣብ ዘለዩሉ - ውድባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ባህላውን ዜናውን መዳያት ዘተኩረ ሓሙሽተ ሽቶታት ዝሓቘፈ ናይ ዝቕጽል 5 ዓመታት ንድፊ ስትራተጂያዊ ውጥን ማሕበር ብዕምቈት ድሕሪ ዘካየደቶ ዘተ፡ ናይ መወዳእታ መልክዕ ብምትሓዝ ኣጽዲቓቶ።

ኣቦመንበር ማሕበር ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ ስትራተጂያዊ ውጥን ናይ ሓደ ትካል ሓያልን ድኹምን ጎድንታት ብምልላይ፣ ዕድላትን ስግኣታትን ኣብ ግምት ብምእታው፣ ኣብ ቀንዲ ሽቶታት ብምትኳር ንራእይን ዕላማታትን ኣወሃሂዱ ዝማእዝን ኣገባብ ምዃኑ ጠቒሱ፡ ማሕበር ኣብ ዝሓለፈ 5 ዓመታት ተዓቃኒ ስራሕ ክዐምም ወሲኒ ተራ ከምዝዘበሮ ገሊጹ።

ኣብ ዝተዓመ ናይ ምንቕቓሕ ስራሕ፡ ኩሎም መሻርኽቲ ብሕልፊ ድማ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንዘበርኦ ምትሕግጋዝ ብምምስጋን፡ ኣብ'ቲ ብኹለናትንኡ ብቑዕ መንእሰይ ንምህናጽ ዝካየድ ዓቢ ሃገራዊ ዕማም፡ ናህርን ድርኺትን ኣብ ምፍጣር ምትሕግጋዝ ዝምልከቶም ኣካላት ክሕይል ተላቢዩ።


ሰእሊ. ዮውሃንስ በረከት

**ርሑስ በዓል ልደት !**

# ቃለ- ቡራኬ

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላኽ!

ቃለ ቡራኬ በዓለ ልደት ጐይታናን መድሃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ

"እስመ ናሁ እዜንወክሙ ዐቢየ ዜና ፍሥሓ ዘይከውን ለክሙ ወለኩሉ ዓለም።" ሉቃ ፪ ፥ ፲

"እንሆ ንኣኻትኩምን ንኹሉ ዓለምን ደስ ዘብል ብሥራት ኣበሥረኩም ኣለኹ!" (ሉቃ 2፡10-11)

ክቡራንን ክቡራትን ኣብ ውሽጥን ወጻእን ሃገር ዘለኹም ሕዝበ ክርስቲያን ብሓፈሻ ድማ ኩልኹም ሕዝበ ኤርትራ እንቋዕ ናብ በዓለ ልደት ጐይታናንን መድሃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብጽሓኩም። ከም ኃጢኣትና ከይቀጻዐ ብዓቢይ ምሕረቱን ብዙሓ ርኅራኄኡን ነዊን ትዕግሥቱን ዘብጽሓና ልዑል እግዚኣብሔር ምስጋና ይብጽሓዩ።

"ቀዳማዊ ዘእንበለ ትማልም፡ ማእከላዊ ዘእንበለ የዋም፡ ደኃራዊ ዘእንበለ ትማልም" ማለት ዝበረን ዘሎን ዝነብርን ካብ ሠለስተ ኣካል ሓደ ኣካል እግዚኣብሔር ወልድ ካብ ሰማያ ሰማያት ወሪዱ ጠባይ ሕፃናት ሓልዩ ሕፃን ኮይኑ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ዝተወልደሉ ዕለት፡ ልክዕ ሎሚ ከምዝኾነ ገይርና "የዋም ፍሥሐ ኮነ በእንተ ልደቱ ለክርስቶስ / ሎሚ ብልደት ክርስቶስ ሓጎስ ኮነ" ብምባል "ሎሚ" እናበልና ነኽብሮ ኣሎና።

እንሆ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም፣ ካብ ሥጋኣ ሥጋ ካብ ነፍሳ ነፍሲ ወሲዱ፡ ባህርያ ሰብ ተዋሒዱ ሰብ ኮይኑ ንኸውሊድ ምኽንያት ዝኾና ቀዳማይ ሰብ ኣዳም ብዘፈጸሞ በደል እዩ። ግናኸ ክሳዕ እቲ ንኣዳም ዝዞቦ ተስፋ ሕይወት ዝፍጸም ካብ ኣዳም ክሳብ ልደተ ክርስቶስ ዝነበሩ ደቂ ሰባት ኣብ ትሕቲ ባርነት ኃጢኣት ብፍዳን ኩሄን እናተሳቐዩ ይነብሩ ነበሩ። 'ወአመ በጽሐ ጊዜሁ ፈነወ እግዚኣብሔር ወልዶ ወተወልደ እምብእሲት/ ጊዜኡ ምስ በጽሐ ድማ እግዚኣብሔር ንወዱ ለኣኾ'ሞ ካብ ድንግል ማርያም ተወልደ'(ገላ. ፬፡፬/4፡4) ከምዝብል እቲ ጊዜ ምስ በጽሐ

ግና ብዐለ ጺጋ ክርስቶስ ኣብ ሙብልዕ ማል ኣብ ቤተ ልሔም ተወልደ። ብልደቱ ድማ ተገብሩ ዘይውዳእ ሠናይ ኮነ፡

1. ብልደቱ ዓቢይ ብሥራትን ሓጎስን ተኣወጀ። ልደት ጐይታ ቅድሚ ኩሉ ዝተበሠሩ ኣብ መሮር ዝኃደሩ ጓሶት እዮም። መልኣኽ እግዚኣብሔር ተገሊጹ፡ "እንሆ ንኣኻትኩምን ንኹሉ ዓለምን ደስ ዘብል ብሥራት ኣበሥረኩም ኣለኹ።!!" ምኽንያቱ ድማ ሎሚ መድሃኒ ክርስቶስ ተወሊድልኩም ኣሎ" እናበለ መርገመ ሥጋን መርገመ ነፍስን ዘርኅቀ በረከተ ሥጋን በረከተ ነፍስን ዝዕድል መድሃኔ ዓለም ክርስቶስ ሎሚ ብምውላዱ፡ ንኹሉ ሕዝቢ ዓቢይ ሓጎስ ከምዝኾነውን ኣበሠሮም። እቶም ጓሶት ድማ ቀልጢፎም ናብ ቤተ ልሔም ብምኻድ ንጐይታን ንኣደኡ ቅድስት ድንግል ማርያምን ረኺቦም፡ ንእግዚኣብሔር እናኣመስገኑን ንሕዝቢ እናነገሩን ተመልሱ። (ሉቃ 1፡10-11) ኸኢ መሠረተ ብምግባር ቅድስት ቤተ ክርስቲያንና ብዓቢይ ሓጎስ "በዛ ኩሉ ዓለም የዋም ተወልደ!" ዝብል ጥዑመ ዜማ ልደተ ክርስቶስ እናኣበሠረት ትርኩብ ኣላ።

2. ብልደቱ ምስጋና ኮነ። ብዙኃት ሠራዊተ ሰማይ መላእክት "ስብሐት ለእግዚኣብሔር በሰማያት ወሰላም በምድር ሥምረቱ ለሰብእ/ ክብሪ (ምስጋና) ንእግዚኣብሔር ኣብ ሰማያት፡ ኣብ ምድሪውን ሰላም ይኹን፡ ኣብ መንጎቶም ሥምረት ኣምላኽ ዘለዎም' እናበሉ ምስቶም ኣብ መሮር ዝኃደሩ ጓሶት ሠማርያም ኣመስገኑ።" (ሉቃ. ፪፥፲፫/ 2፥13) ቅዱስ ያሬድ ኣብ ድርሰቱ ከምዚ ይብል "የዋም ኣሐደ መርዔተ ኮኑ መላእክት ወሰብእ ከመ ይሰብሕዎ ለክርስቶስ በቃለ ኣሚን፡ ሎሚ መላእክትን ሰብን ንክርስቶስ ምእንቲ ከመስግኑ ሓደ መጓሰ (ማኅበር) ኮኑ" (መጽ. ድጓ) በዛ ክብርቲ ዕለት እዚኣ'ውን ከም መላእኽትን ደቂ ሰባትን እቶም እንስሳታት ከይተረፉ "የዋም ተወልደ በዛ ኩሉ ዓለም፡ የዋም ተወልደ ከሣቴ ብርሃን፡ የዋም ተወልደ መድሃኔ ዓለም/ በዛ ኩሉ ዓለም ኮይኑ ብርሃን ዝሁብ መድሃኔ ዓለም ሎሚ ተወልደ።" እናበሉ ብምምስጋናም፡ ብሓፈሻ እዛ ዕለት'ዚኣ ኩሉ ፍጥረት ከም ሓደ ልቢ መኻሪ፡ ከም ሓደ ቃል ተናጋሪ ኮይኑ ንጐይታኡ ዘመስገነላ ዓባይ ዕለት እያ።



3. ብልደቱ ሰላምን ዕርቅን ኮነ። ተጋሪዱ ዝነበረ ጸንዕ ናይ ጽልኢ መንደቅ ተቐንጢጡ፡ ኣብ መንጎ እግዚኣብሔርን ሰብን፡ መላእክትን ሰብን፡ ነፍስን ሥጋን፡ ሕዝብን ኣሕዛብን ዕርቂ ኮነ፡ ኸኢ እዮም ድማ ቅዱሳን መላእክት "ኣብ ምድሪውን ሰላም ይኹን" ዝበሉ።

4. ልደቱ መዓልቲ ህያብ እያ። ሰማያውያን ቅዱሳን መላእክት 'ስብሐት ለእግዚኣብሔር' እናበሉ ህያብ ምስጋና ከቕርቡሉ ከለዉ፡ ብኮኾብ እናተመርሑ ዝመጹ ምድራውያን ሰብኣ ሰገል ድማ ወርቂ ዕጣንን ከርቤን ሂቦም።

እምበኣር ክቡራንን ክቡራትን ሕዝበ ክርስቲያን ኣብ መወዳእታ በዓል ልደተ ክርስቶስ ብዐቢ ቤት ክብረት ከም ኣቦና፡ ከኣ ክብሮ ከሎና፡ እግዚኣብሔር ከም ዝኣዘዞ፡ በረኸት ክንረኽበሉ ምእንቲ፡ ዓቕምና ብዝፍቅዶ ንጽጉማት ክንረድእ፡ ንስኡናት ክንፍጽም፡ ሓዙናን ክንናዝዝ፡ ሕሙማት ክንበጽሕ፡ ንዝዕረቑ ክንከድንን፡ ግላዊ ሓሳብ ኣወጊድና ብምእሳር ፍቕሪ ተኣማሚንና ሓድነትና ኣጠንኪርና ጸንዕ ተስፋ ሰላምና ክንርከብ ከሎና እዩ። ንቤተ ክርስቲያንና ከጸንዕ፡ ሃገርና ከልምዕን ክንሕልወን ደጋጊሓልናዩ ዝይብዛሎ እዩ እሞ መድሃኔ ዓለም በዓልና በዓል ሓጎስ ገይሩ ንሃገርናን ንምሉእ ዓለምን ሰላሙ ይሃበልና፡ ዝተባረኸን ዝተቀደሰን በዓለ ልደት ድማ ይግበረልና።

**ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ቀዳማዊ**
**6ይ ፓትርያርክ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ**
**ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ!!!**
**ታሕሣሥ ፳፻፲፰ ዓ.ም. (2026 ፈ.)**

ዜና

# ጋሽ-ባርካ፡ ቀረብ መኣዛዊ መግቢ ንምዕባይ ዝካየድ ጻዕሪ ውጽኢት ይርከቦ'ሎ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ምርባሕ ደርሁ ብምስፋሕ ቀረብ መኣዛዊ መግቢ ስድራቤታት ንምዕባይ ዝካየድ ጻዕሪ ጽቡቕ ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ፡ ክኢላታትን ኣብ ምርባሕ ደርሁ ዝተዋፈሩን ገሊጾም።

ምርባሕ ደርሁ ቀረብ ስጋን እንቋቑሖን ዘረጋግጽ ኣገዳሲ ሕርሻዊ ንጥፈት ከምዝኾነ ዝሓበረ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ልምዓት ደርሁን ንህብን ኣቶ ወልደማርያም ደብረጼን፡ ኣብ'ቲ ዞባ ልዕሊ 500 ሽሕ ናይ ገደና ደርሁ ከምዘለዋ፡ እንተኾነ ቀረብ እንቋቑሖን ስጋ ደርሆን ምስ ህልው ጠለብ ዝመጣጠን ከምዘይኮነ ኣብሪሁ።



ትካል መዕኾኹ ጨቓዊት ኣገልግሎት ኣብ ባረንቱ ምውዳዱ፡ ክኢላታት ልምዓት ደርሁ ምምዳቦም፡ ቀረብ መድሃኒትን ክታቢትን ምውሓሱ፡ ከምኡ'ውን ጨቓዊት ብርትዓዊ ዋጋ ምዕዳለን ኣብ'ቲ ዓውዲ ንዘለዎ ኣተባብዒ ከምዝኾነ ዝጠቐሰ ኣቶ ወልደማርያም፡ ኣብ ገደና ጥራይ ተደሪቱ ዝጸንሐ ምርባሕ ደርሁ፡ ናብ ንግዳዊ ኣገባብ ክሰጋገርን ምህርቲ ብዝተዓጻጸፈ ክዕበን ጀሚሩ ከምዘሎ ገሊጹ።

ስድራቤታትን ኣብ ንግዳዊ ምርባሕ ደርሁ ዝጥፍኡ ምስ ሰብ ሞያ ዘለዎም ርክብ ኣሐይዩሎም፡ ኣብ'ቲ ዞባ ንዘሎ ንልምዓት ደርሁ ዝተጎብዕ ባይታን ኣማራጺታትን ቀረብ መግብን ብግቡእ ክጥቀሙሉ ድማ ኣተሓሳሰበ።

ሓላፊ ትካል መዕኾኹ ጨቓዊት ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ኣወጽኣና ሞንስን ተጸዋዒ ልምዓት ደርሁ ኣብ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ኣቶ ምሉእብርሃን ዕቑባይን ብወገኖም፡ እቲ ዕላማ - ስድራቤታት ዓቕመን ዘፍቅዶ ቁጽሪ ደርሁ ብምርባሕ ቀረብ መኣዛዊ መግቢን ቁጠባዊ ረብሓን ዘረጋግጻሉ ባይታ ምጥጣሕ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እቲ ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታት ኣተባብዒ ከምዝኾነ ኣረዲኦም።

ኣብ ንግዳዊ መፍረ ደርሁ ዝተዋፈሩ ሓረስቶት ድማ፡ ብሞያውያን ዝተማእከለ ትሕተ ቅርጺ ብምውዳድ ብዝካየድዎ ዘለዉ ጻዕሪ፡ ቀረብ ስጋ ደርሁን እንቋቑሖን ንምውሓስ ይጽዕሩ ምህላዎምን ኣተባብዒ ውጽኢት ይረኽቡሉ ከምዘለዉን ገሊጾም።

ንሶም ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ባረንቱ ዝተደኮነት ትካል መዕኾኹ ጨቓዊት፡ ነቲ ብሰንኪ ምግዕዓዝ ዘጋጥም ዝነበረ ሃልኪ ኣብ ምቅላል ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ቀረብ ዝተቓመመ መግቢ ደርሁ፡ ክታቢትን መድሃኒትን ክሕሰበሉን ናይ መሸጣ ቦታ ክፍቀደሎምን ኣዘኻኺሮም።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

ርሑስ በዓል ልደት ክኾነልኩም እናተመነና ናይ ሎሚ መደብና ካብ ሰዓት 9 ንግሆ ጀሚሩ ብዝተፈላለየ ትሕዝቶ ዝተሰነየ ክኸውን 'ዩ።

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ኣኽሱምን ቀይሕ ባሕርን፡ ኣብ ንግዲ ዝተመስረተ ሓይሊ

Red Sea Beacon
31 ታሕሳስ, 2025
ብዴቪድ የህ

ሕሉፍ ስልጣኔታትን ቀርሲታትን ኣብዚ ግዜ ዝሆ ትርጉም እናተጠምዘዘ ከም መሳርሒ ስልጣንን ምስክርነት ፖለቲካዊ ውርሻ ወይ መረጋገጺ ማሰል ዋንነትን እናኾነ ክቐርብ ይረአ ኣሎ። ስልጣኔ ኣኽሱም ዘማዕበለ ጂኦግራፍያዊ ከባቢ፡ ናይ ዘመን ቀመርን ብዙሕነትን ኣብ ግምት ብዘየእተወ ኣገባብ፡ ዝተመርጹ ሓረጋት እናተጠቐምካ ከም መጣልዒ ፖለቲካዊ ሽፈጥ ክስራሓሉ ጸኒሑ ኣሎ። እንተኾነ፡ እቲ ሓቂ ካልእ ኮይኑ እዩ ዝርከብ፡ ስልጣኔ ኣኽሱም ብልክዕ ንዘመርመሮ ኤርትራ ሕመረት ጥንታዊ ስልጣኔ ቀይሕ ባሕሪ ምንባራ፡ ኣኽሱም ከኣ ወጽኢት ደኣ እምበር ጀማሪት ከም ዘይነበረት፡ ኣብዚ ግዜ እዚ፡ እቲ ታሪኽ ናይ ካልኦት ሓሶት ንምሕያል ክሰርቕ ከም ዘይክኣል ብቐሊሉ ከረጋግጽ ዝኽእል እዩ።

ብጥምት ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ሻብዓይ ክፍለ ዘመን ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ፡ ኣብ ሰሜን ቀርኒ ኣፍሪቃ ማዕበሉ ዝበረ ንግስነት ኣኽሱም ሓደ ካብቶም ኣዝዮም ጸለውቲ ዝበሃሉ ስልጣኔታት ኣፍሪቃ ምንባሩ ይፍለጥ። ከም ናይ ኣኽሱም መግለጺታት ኮይኖም ዝቐርቡ፡ ክሳዕ ሕጂ ተተኺሎም ዘለዉ ሓወልትታት፡ ካብ ወርቂ ዝመኸኹ ገንዘባትን ህዝባት ሃይማኖት ክርስትና ዝተቐበሉሉ መድረኻትን ምስዚ ታሪኽዚ ሓቢሮም ዝለዓሉ እዮም። እዚም ዝተጠቕሱ ግና ነቲ ዓሚቕ ምንጪ ሓይሊ ንግስነት ኣኽሱም ክጋርዱ የብሎምን። ኣኽሱም ሓያል ኮይና ክትትንስእ ዝበቕዐት፡ ብቀይሕ ባሕሪ ነዊሕ ርሕቀት ዝዘርገሐ ወሁድ መርበብ ዋኒናት ንግዲ መሰረት ናይ ስልጣና እዩ።

ምስ ኣኽሱም፡ ሕመረት ናይቲ ስርዓትን ኣብቲ እዋን'ቲ ዓቢ ረቛሒ ግደ ዝበረት፡ ኣብ ናይ ሎሚ ኤርትራ ተደኲና ዝበረት ዓባይ ወደብ ቀይሕ ባሕሪ ኣዱሊስ ሓቢራ ትዝክር። ኣኽሱም ተፈላጥነት ረኺባ ካብ ዝተንስኣትሉ ዘመናት ኣቐዲማ ኣዱሊስ ዓባይ ማእከል ንግዲ እያ ነይራ። ኣብ ቀረባ እዋናት ብስነ ኩዕታ ዝርከቡ ዘለዉ መረዳእታታት፡ ኣብዚ ዞባ ሰጦር ኣህጉርን ኣብ ዝቐድ ንግድ ኣማኢት ዓመታት ቀድሚ ኣኽሱም ወደባዊት ከተማ ኣዱሊስ መዋፈሪት ማእከል ምንባራ የረጋግጹ። ስልጣኔ ኣኽሱም ክለዓል እንከሎ፡ ኣዱሊስ ማእከል ክትከውን እኽላ ኣኽሱም ከም ጨንፈር እያ ነይራ።





ካብ ፍርስራሳት ጥንታዊት ኣዱሊስ

ነጋዶ ማእከላይ ባሕሪ፡ ደቡብ ዓረብ፡ ፋርስን ገምገም ህንዳዊ ውቅያኖስን ብኣዱሊስ ኣቢሎም ሰዊ፡ ሓርማዝ ወርቂ፡ ዕጣን፡ መጋዝኢ ሽቐጣትን ፍርያት እንስሳን ብንግዲ ይለዋወጡ ነይሮም። ድሒሩ ከኣ ኣዱሊስ ከም ወደብ ጥራይ ዘይኮነትስ፡ ኣኽሱማዊ መንግስቲ ዲፕሎማስያውን ቁጠባውን ስራሓት የሳልጠሉ ነበረ። ንሕምብርቲ ኣፍሪቃ ምስ ዓለማዊ መስመራት ንግዲ እናኣራኸበት፡ ሃገራዊ ስርዓታት፡ ወተሃደራዊ ዓቕምን ባህልን ንዘመሓደረሉ ነገራዊ መሰረት ትምግብ ነይራ። ኣዱሊስ እንተዘይትኮነት፡ ኣኽሱም ብቑጠባ ድኽምትን ብኣቀማምጣ ዝተሓጽረትን ምኾነት።

እቲ ስርዓት ንግድን ምምሕዳራዊ ኣገባባትን ከም ወግዓዊ ናይ ጽሑፍ ቋንቋ ኮይኑ ዘገልግል ብዝበረ ግእዝ ይሳለጥ ነይሩ። ግእዙ ድሕሪ ምህሳስ ዕበየት ኣኽሱም ነባሪ ዝኾነ ንምምሕዳራዊ መቓናት ባይታ ዘሰፈ ባህሊ ስነ ጽሑፍ ሰሪቱ ኣሎ። እዚ ባህላዊ ውርሻዚ ብተጸሎ ንብዩ ዝረአ ዘይተሳ፡ ኣብ ገምገም ቀይሕ ባሕሪ መብዝሕትኡን ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝተደኮና ሓያሎ ከተማታት ዝማዕበለ እዩ። እምብኣርስ ንኣኽሱም ክንፈልጥ፡ ክንዮ ኣኽሱም ዘሎ ኣኽሱም ክትንስእ ናብ ዘኽኣለ ናብ ናይ ሕጂ ኤርትራ ክንጥምት ኣለና። ብሰፊሕ ኣእምሮ ኣማዕዲና እንድሕር ጠሚትና፡ ኣኽሱም መበቆል ስልጣኔ ናይዚ ከባቢ ከም ዘይነበረት ኢና ንርዳእ። እንታይ ድኣ መፈጸምታኡ እያ ነይራ።

### ኤርትራ፡ ዓሚቕ መሰረት ስልጣኔ ሰሜን ምብራቕ ኣፍሪቃ

ኤርትራ፡ ኣብ ታሪኽ ሰሜን ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ጸኒዕ ጥንታዊ ናይ ታሪኽ መሰረት ዘለዋ ሃገር እያ። ንግስነት ኣኽሱም ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻብዓይ ክፍለ ዘመን ሓያል ኮይኑ ቅድሚ ምትንስኡ፡ ኣብዚ ሎሚ ኤርትራ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዘሎ ቦታ ብቑጠባ ዝተወሃሃደ ምዕቡል ባህሊ ዝበሮ ብዙሒ ዘለዎ ህዝቢ ይነብር ነይሩ። ሃገራዊ በቲ ማዕከር ኤርትራ፡ ምስ ካልኦት መሻርኽቲ ብምትሕብባር ንዳስርተታት ዓመታት ዝወሰደ ምርምር ብምኽያድ፡ ሕሉፍ ምዕራፋት ታሪኽ ወድሰብ ዝተሰጋገረሉ ኣዝዩ ብዙሕ ንቕጣታት ረኺቡ ኣሎ። እዚ ከኣ ኣኽሱም፡ ኣብ ሰሜናዊ ቀርኒ ኣፍሪቃ ካብ ዝተጋህደን ንሓያሎ ዘመናት ካብ ዝዕመመ ባህሊን ዝተንሰኣት ደኣ እምበር ንብዩና ዝወጸት ፍላይ ከም ዘይነበረት ዘረድእ እዩ።

ቅድመ ልደት ክርስቶስ ሽሕ ዓመት፡ ኣብ ኤርትራ ብጥቡቑ ስራሓት ስነ ህንጻ ዘማዕበለን ብፖለቲካዊ ስርዓት ዝተወደበን ማሕበረሰብ ነይሩ። ናይ ጥንቲ መስመራት ንግዲ ዝሓልፈሉን ካብ ከበሳ ናብ ወደባዊት ከተማ ኣዱሊስ ዘራኽብ ከም ቆሓይቶ፡ መጠራን ከስከሰን ዝኣመሰሉ ከተማታት ነይረን። እዘን ምስ ኣዱሊስ ዘራኽባ ከተማታት ማእከላት ፖለቲካዊ ሓይሊን ባህላዊ ጽንበላት ዝቶኾደለን ኣገደስቲ ቦታታት ምንባረን ክሳብ ሕጂ ዝምስክር ኣሰራት ኣብያተ መቕደስ ሓወልትታትን ትሕተ ቅርጺ ምዕቡል ምሕደራ ማይን ክረአ ይከኣል።

ብቛንቋ ግሪኽ ኣብ ቀዳማይ ክፍለ ዘመን ብሓደ ነጋዳይ ኣብ ዝተጻሕፈ (ፐሪፕለስ ኦፍ ዘ ኤሪትርያን ሲ) 'ኮሎ' እናበለ ዝጠቕሳ ከተማ ምስ ቆሓይቶ ዝተኣሳሰረት ኣለዉ። (እቲ ግሪኻዊ ነጋዳይ 'ኮሎ' ዝበላ ከተማ 'ከለው' ክትከውን ትኽእል እያ። ብቛንቋ ግሪኽ ናይ 'ወ' ድምጺ ስለ ዘየለ ብተቐራረቢ ድምጺ 'ኮሎ' koloe እናበለ እቲ ጸሓፋይ ይጠቕሱ።) ኣብቲ በሪኽ ስፍራ ቆሓይቶ እትርከብ ጥንታዊት ከተማ ቅድመ ክርስትና ናይ ዝበረ ቤተ መቕደስ ህንጻን ኣሰሩ ዘይሃሰሰ ናይ መኽዘን ማይ ኣብያተ ዐናታትን ይርከባ። ንኣስታት ሰለስተ ሽሕ ዓመት ዝጸንሐ ሎሚ 'ሳፊራ' እናተባህለ ዝጽዋዕ ክሳዕ ሕጂ ዘገልግል ዘሎ ሓጺቢ እውን ኣሎ።

ከም ማእከል ፖለቲካን ምምሕዳራዊ ንቕጣን ዝበረት ኣብ ጥቓ ሰንዓፈ ኣብ ዝተደኮነት መጠራ፡ ዝቐደመ ብፊደል ግእዝ ዝተወቕረ ጽሑፋት ዝሓዘ ክሳብ ሕጂ በለው-ክለው እናተባህለ ዝጽዋዕ ሓወልቲ ቁይሙ ይርከብ። ብፊደላት ደቡብ ዓረብ ዝተወቕሩ ጽሑፋት ዘለዎ ሓወልቲ ዝርከብ ከስከሰ፡ ባህላዊ ስርዓታትን ጽንበላትን ዝቶኾደላ ንቕጣ ዝበረት ትመስል።

ንግስነት ኣኽሱም ኣብ ጥርዚ ካብ ዝበጽሓሉ ግዜ ኣቐዲማ ኣብ ትሕተ ሰሃራ ኣፍሪቃ ማእከል ንግዲ ከም ዝበረት እትፍለጥ ኣዱሊስ፡ ማሰታ ግሪኻዊ ሮማዊ ምዕባለታት ብምፍላን ኣብ ዞባዊን ስጦር ኣህጉርን መራኸቢት መስመር ንግዲ ምንባራ ይፍለጥ። ጥንታዊ ታሪኽ ከም ዘረድኦ ድማ፡ ኣኽሱም ኣብቲ ኣብ ኤርትራ ማእከል ዝበረ መርበብ ከም ሓንቲ ተሳታፊት እምበር ማእከል ከም ዘይነበረት የርኢ።

ብሓፈሻ ክረአ ከሎ ታሪኽ ኤርትራ ከም መወሰኺታ እምበር ማብቂላውነት ከም ዘይብሉ ክሳዕ ሕጂ ክደጋገም ዝጸንሐ ዛንታታት ዘፍርስ ጭብጦታት ተዋዚቡ። ኣብዚ ዞባ ኣኽሱም ንብዩና ተፈጺላ ኣብ ልዕልና ኣይበጽሐትን። ኣብዚ ዞባ ካብ ዝበረ ምዕባለታት ዝወጸትን መቐጸልታ ናይ ቅድሚኣ ዝበረ ስልጣኔታት እያ። ኣብ ገምገም ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራን ደቡባዊ ከበሳታትን ኣብ ዘማዕበለ ኣማኢት ዓመታት ዝወሰደ ጥበበት ምህዞን ምዕባለ ከተማታትን ዝተሰረተት እያ።

ታሪኽ ብኽብሪ ክዕቀብ እንድሕር



ኮይኑ ካብ ጭብጢ ብምብጋስ ንቅድሚት ክንብብ ኣለዎ እምበር ንፖለቲካዊ ዕላማ ተባሂሉ ንድሕሪት ክግልበጥ ኣይግባእን።

### እንዳማትካ ታሪኽን መንነትን ምምንጣል ዘሰዕቦ ሓደጋ

ክንዕዘቦ ንኽእል ታሪኻዊ ምስክርነት ክሓብሕብ ዝፍትን ፖለቲካዊ ጭድራታት ኣብዚ ግዜ ብብዝሒ ይሰማዕ ኣሎ። ታሪኽን መንነትን ብምቕያር ግዝኣት ንምርካብ፡ ስልጣኔ ኣኽሱም ከም መረዳእታ ዝቐርብ ቀንዲ ምኽንያት ኮይኑ ኣሎ። ምናዱ እዚ ታሪኽን መንነትን ናይ ምቕያር ተርእዮታት ናይ ባዕሉ ታሪኽ ዘለዎ ህዝቢ ኦሮሞ ምስ ዘይብጽሖ ጥንታዊ ናይ ኣኽሱም ስልጣኔ ንምትሕሓዝ ዝግበር ፈተነ ክሳብ ክንደይ ሓደገኛ ምዃኑ ክረአ ይከኣል።

ስልጣኔ ኦሮሞ፡ ብኣደኻኽናን መሬትን ስርዓተ ኣከባቢን ብቛንቋን ብፖለቲካዊ ባህልን ናይ ጉዕዞ ርእሱ መንገዲ ሒዙ እዩ ተጓዒዙ። ካብ ጽልዋታት ኣኽሱም ናጻ ዝኾነ ከም ስርዓት ገዳ ዝኣመሰለ ሕጊ እንዳባ ምዕቡል ናይ ፖለቲካን ማሕበራዊ ምትእስሳራትን ምሕደራ ኣለዎ። ኦሮሞ ካብ ደቡብ ንሸነኽ ሰሜን እናወረረ ኣብ ወሎን ደቡብ ትግራይን ክበጽሕ እንከሎ፡ ስልጣኔ ኣኽሱም ካብ ዝቕህም ኣማኢት ዓመታት ሓሊፉ ነይሩ። ንግስነት ኣኽሱም ንምድሪ ኦሮሞ ተምሓደር ከም ዝበረት ዝዝክር ወይ ዝተመዝገበ ታሪኽ እውን የለን።

ኦሮሞ ኩሻዊ ቋንቋ ከም ምዃኑ ምስ ሰሜናውን ግእዛዊ ያታ ዘይራኸበ 'ቁቤ' ዝተባህለ ናይ ላቲን ፊደላት ይጥቀም። ስልፊ ብልጽግና ኦሮሞ ከም መቐጸልታ ጥንታዊ ታሪኽ ዝምህዞ ናይ ሓሶት ዛንታ ንመንነት ኦሮሞ ይሃሰዩ እምበር ኣይጠቕሞን። ሕጋዊ መንነት ብናይ ልቓሕ ታሪኽ ኣይርከብን እዩ።

በዚ እናተማህዘ ዝስማዕ ዘሎ ታሪኽ ሓሶት ዝተወርሰ ስልጣኔ፡ ንኤርትራ፡ ጂቡቲን ሶማልን ካን ከም ዘይነበራ ገይሩ ኣይዝክረን እዩ። ሓወልትታት ኣኽሱም፡ ኣዱሊስን መጠራን ንምኽባር ካብ ኣቦ ሓጎታት ዝተመሓላለፉ ርስቲ ምዃኖም ምርግጋጽ ኣየድልን። ኣብ መላእ ዓለም ንዘሎ ኣሰራት ስልጣኔ ኣደናቒትን ክብርን ዕቃብን ክግበረሉ ከሎ ልኡላዊ ንብረት ወይ ውርሻ ምዃኑ ንምርግጋጽ ዘይትሓስ ክብሪ ንምሃብ እዩ።

ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ዘሎ ታሪኽ ኣኽሱምን ስልጣኔ ኦሮሞን ክልቲኦም በበይኑ ዝተፈላለየ ታሪኽ ይውክሉ። እቲ ሓደ ነቲ ካልእ ኣይደምስሶን። ታሪኽ ከም ኣጽዋር ናይ ግዝኣዊ ስልጣን ክጥቀሙሉ እንድሕር ጀሚሮም ግና ናይ ክልቲኦም ታሪኽ ክድምስስ ይኽእል እዩ።

### መዛዘሚ፡ ንሓድሕዱ ዘይሰራረቕ ብዙሕነት ዘለዎ ታሪኽ

ንግስነት ኣኽሱም ኣብ ሰሜን ቀርኒ ኣፍሪቃ ብንግድን ምምሕዳርን ባህላዊ ምትእስሳራትን ዝተሰረተን ብቐይሕ ባሕሪ ዝተጸልወን እዩ ነይሩ። ኣኽሱም ከይተንሰኣት ቅድሚ ሓያሎ ዘበናት ድማ ስልጣኔ ገምገም ቀይሕ ባሕሪ ነይሩ። ስልጣኔ ኦሮሞ እውን ኣብዚ ዞባ ዘሎ ኮይኑ፡ ካልእ ህዝቢ ኣብ ካልእ ግዜን ካልእ ቦታን ብናይ ጉዕዞ ርእሱ ባህላዊን ታሪኻውን ቅርጺ እናተገዝአ ዘማዕበሎ ስልጣኔ እዩ።

ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንብዩኑ ናይ ስልጣኔ መሰረት ከም ዘኾነን ንርእሱ ሕጋዊ ወናኒ ታሪኽ ገይሩ ዝቖጽርን ወገን ተቐባልነት የብሉን። ሃብታም ታሪኽ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ብዙሕነት ዝተመርከሰ እዩ። ሕጂ ንዝረአ ዘይምርግጋእ ንምህዳእ ወይ ሕሉፍ ታሪኽ ከም ኣጽዋር ክጥቀሙ ብዮወታ ዝጮድሩ ኣብ ታሪኽ ብጽሒት የብሎምን። ሓቀኛ ታሪኽ ክዕቀብ ዝተማህዘ ናይ ሓሶት ታሪኽን ዝሰርቐ ጥንታዊ ዛንታ ስልጣኔታት እናተዃጊ ህዝብታት ከምቲ ናታቶም ናይ ካልእ ታሪኽ እውን ከኽብሩ ኣለዎም። ውርሻ ታሪኽ ካልእ ንምዕባላል ዝቶዳለ ዓውዲ ውግእ ክኸውን ኣይግባእን።

ሪፖርታጅ

# ጽንብል በዓል ልደት፡ ኣብ መዓስከር ሓይሊ ኣየር ኤርትራ

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

ስእሊ - ኣብርሃም በየነ

ምጽዋዕ ካብ ኣስመራ 115 ኪ/ሜ ንሸነኽ ሰሜናዊ ምብራቕ እትርከብ ብርቱዕ ሙቐት ዘለዋ ቦታ እያ። ብፍላይ ካብ ግንቦት ክሳብ ነሓሰ ኣብ ዘሎ ወርሓት ክሳብ 40 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ዝበጽሕ ልዑል ሙቐት ኣለዋ። ናይ ሎሚ ዓመት በዓል ልደት ድማ ብ4 ጥሪ 2026 ኣብ'ዛ ወደባዊት ከተማ፡ ኣብ ሕምብርቲ መዓስከር ሓይሊ ኣየር ኤርትራ "ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፥ ቦታ ዓያይነትን ልምዓትን" ብዝብል መሪሕ ቴማ ብልዑል መዳርግ ተዘኪሩ።

ሰቡስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ዕዱማት ኣጋይሽ ከተማ ምጽዋዕ፡ ኣባላት ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ኣብ ዝተረኽበሉ ኣጋጣሚ ድማ፡ ልክዕ ሰዓት 3 ድ/ቀትሪ ምስ ኮነ ወግዓዊ ጽንብል ናይ'ቲ በዓል ብዘኽረ ስማእታት ተጀመረ። ፈለማ፡ ነቲ በዓል ኣመልኪቱ መኽፈቲ ቃል ዘስመዐ ኣዛዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ሜ/ጀነራል ተኽላይ ሃብተስላሰ እዩ። ንሱ፥ ፈለማ ነቲ ብወህደቱን መኸተኡን ዘይተጸዓደነቱን ዝልለ ጅግና ህዝቢ ኤርትራን መራሕነቱን ከምኡ'ውን ሓይልታት ምክልኻሉን ብምኽንያት እቲ ክቡር ኣጋጣሚ "የሃና" ድሕሪ ምባል፡

ሃይማኖታዊ በዓላትና መርኣያ ስኒትናን ሓድነትናን ከምኡ'ውን መግለጺ ስልጡንን ጭዋ ባህሊናን ምዃኑ ገሊጹ፥ ቀጺሉ፥ ሕመረት ዓወታት ህዝቢ ኤርትራ፥ ካብ ክብርታት ባህሉን ጽኑዕ መትከሉን ከም ዝብገስን ዓመት መጸ ክንዝክሮ ከም ዝኾነ ኣዘኻኺሩ። ወሲኹ፥ ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ መድረኽ'ዚ ዝርከብ ሳላ'ቲ ዘይጸንቀቕ ጽንዓቱን ሓያል መኸተኡን ብዕብይኡ ከኣ ሳላ ዝኸፈሎ ዋጋ ምዃኑ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ንኹሉ ዞባውን ኣህጉራውን ተጻብኦታት ኣፍሺሉ ናብ ኽሳስ ልምዓት ይምርሽ ከም ዘሎ ኣብሪሁ። ሓይሊ ኣየርን ኣባላቱን ድማ፡ ከም ኩሎም ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፡ ኣብ መኸተን ልምዓትን ሃገር ክቡር ዝጸንሐ፡ ብዘሓየለ መንፈሱ ከም ዝቐጸሎ ኣረጋጊጹ።

ጽንዓትናን ሓድነትናን ስኒትናን ወህደትናን ልምዓታዊ ኽሳጋትና "ንጹላእትና ሕማም ቅርጸት እዩ" ዝበለ ሜ/ጀነራል ተኽላይ ሃብተስላሴ ህዝባዊ በዓላትና ዄዑበራቕ ሃብታም ክብርታትና ምዃኑ ቃሉ ደምዲሙ።

ብድሕሪ'ዚ እቲ መደብ ብቐጥታ፡

ናብቲ ንድምቀት ናይ'ቲ በዓል ዝተዳለወ ባህላዊ መሰናድኦታት እዩ ተሰጋጊሩ። ንከም ብበዓል ኣብርሀት ኣንከረ (ጓሉ-ኣንከረ)፥ ኣሚነ ተስፋስላሴ (ወዲ- ሻውሽ)፥ ዘይኑብ በሽር፡ ኣሕመድ ኣሕመዲን (ደሮና)፥ ሓጎይት መንዳል፡ ሱሌማን ኣሕመድ (እሊ ኩሉ)፥ ፍረህይወት በርሀ፥ ኦርዮን ሳልሕ፥ በረኸት ጎይትኦም፥ ኤርምያስ ክፍለዝጊ፥ ኣማኑኤል ሃብተጋብር፥ ሄኖክ ፍጹም... ዝኣመሰሉ ገዳይምን ንኣሽቱን ድምጻውያን ዝሓቖፈት ጉጅለ ባህሊ ኣሰር፡ ኣብቲ ሰትን ሳዕርን ዝተነስነሰ ኣግማል ዘጋልብ ኣደራሽ ንህዝብን ሰራዊት ሓይሊ ኣየርን እሰክትሽም ከተብሎም ተራእየት። ድምጻውያንን መዚቐኛታትን ከም ማይን ጸባን እናተወሃሃዱን እናተናበቡን ድማ፥ ሓደ ድሕሪ ሓደ ትርግታ ህዝቢ ኤርትራ ብዘኾሉ ዝተፈላለዩ ጣዕመ ዜማታት፥ ንደቂ ሓዱ-ልቢ ኣብ ቅርዓት ሓድነት ከም ንህቢ ከዕስልዎም ተራእዩ። ክብርን ሚዛንን ግርማን ጸባቐን በዓል ልደት መመለሱ ሰማይ ዓረገ።

ኣብቲ ድኻን ዋላኻን ኩሓርሽን ክም ሕሰን ጸኒሑ፥ ጸላእቱ ንምክልኻል ኣብ ደቡቱ ገጥ ይብል። ዲጋታት ከዓግት ጸኒሑ፥ ዛጣን ኣፍራዛን ሐዚዙ መሬቱ የልምዕ። ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ሃገራውን ህዝባውን ሃይማኖታውን ባህላውን በዓላቱ ድማ፥ ኣብ ጽላል

ድማ፥ ሓይሊ ኣየርና ጎመራ ብደስታን ፍስሃን "ማይደ ጸባ" እናተባህለ ክሰራሰር ኣምስዩ። ድምቀት በዓል ልደት ድማ፥ ብዘበርኸ መንፈስ ፋሕፋሕ በሉ፥ ሃገራዊ ጥምረት እውን ሕልፈ ካልእ ግዜ መመለሱ ብዘሐቡ ኣጎዑብ ይዛይድ።






ሜ/ጀነራል ተኽላይ ሃብተስላሰ

ንሰራ ሰላምን ውሕስነትን፥ ንሶማያትና ዝደፍር ወይልኡ...." ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ሃገራዊ ጭርሖታት ዝተባዕለ ኣውደኣመትና፥ ብሓፈሻ ንጥምረት ሓይልታት ምክልኻልናን ህዝብናን ዘንጸባርቕ ትሕዝቶ መደብ እዩ ቀሪቡ።

ከምዚ ኢሉ ሰራዊት ሓይሊ ኣየርን ህዝብን ብሓባር ድግሶቱ ብልዑል ክብርን ግብርን ተሓቛቕፉ ምውዓሉ ድማ፥ መለክዒታት ዘይተዘርገ ክብርታቱ



ህዝቢ ኤርትራ፥ ፍሉይ መለለዩ ኣለዉዎ። ብእኩብ ይሓሱበን ይትልምን፥ ብእኩብ ይወፍርን ይግስግስን፥ ብእኩብ ይምክትን ይከላኸልን፥ ብእኩብ ይጸንዕን ይዕወትን። እዚኦም ካብ ዓበይቲ ሕላገታቱ እዮም። ኣብ ጸገሙን ሰላሙን ብሓደ ኣሎ። ሓድሕዱ ይተሓጋገዝን ይደጋገፍን። ምናልባት ገለ ተጻይ እንተደኣ ተረኺቡ፥ ብሓንቲ ቓሊት ንስለ ክብርታቱ ደው ይብል። ኣብ ነብሱ ልዑል ርእሰ ምትእምማን ኣለዎ። ካብ ቀዳሞት ሕብረተሰቡ ዝወረሰን ሰላም፥ ልምዓት፥ ህዝበዩ፥ ዓደይ፥ ሪመይ፥ ክብረይ...ዝብሉ ንምስሉን ሓይሉን ዘጉልሓ ናይ ሓበር ዕላመታ'ውን ኣለዉዎ። እዚ ከኣ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ያታ እዩ። ካብ ብሉጽ ክብርታት ባህሉን ታሪኹን ዝምንጨ ድማ እዩ።

ሃገራውነት ዓጒጊ፥ ኣብ ኋይላ ፍቕርን ጥምረትን ዓሪዱ መቓልሕ ሓድነትን ጥዑም ደሃይን ይፍትን ይቑጸጽን። እዚኦም ከኣ መትረረ ህላውነቱ እዮም።

ናይ ሎሚ ዓመት ጽንብል በዓል ልደት፥ ኣብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ኣብ መዓስከር ሓይሊ ኣየር ምብዓሉ ድማ፥ ድርብ ትርጉም ኣለዎ። ንሰራዊት ልምዓትን መኸተን ህልው ኩነታቱን ጽንዓቱን ዘንጸባርቕ ስለዝኾነ። ሰራዊት ሓይሊ ኣየርና ዓመተ ሰላምን ተስፋን፥ ራህዋን ቀሳነትን ክትከኦሉ እናተመኘ ድማ፥ ኣብ ሰንሰለት ኪዳን ሃገራዊ ፍቕሪ ተኣሳሲሩ እዩ ብልዑል ኣጎዑብ፥ መንፈስን መዓርግን ነታ ክብርቲ በዓሉ ጸንቢልዋ። ቡቶም ወናማት ስነ-ጥበበኛታት ጉጅለ ባህሊ ኣሰር ዘውሕዘ ዝበረ ወኒ ዘበራብር ሃገራውን ባህላውን ደርፍታት

እቶም ንድምቀት በዓል ልደት ዝቐርቡ ዝነበሩ ስነ-ጥበባዊ ፍርያት ንመስዋእትን ጅግንነትን፥ ንጽንዓትን ተባዕትን፥ ንስምረትን ጥምረትን፥ ንቕያን መኸተን፥ ንቃልሲን ተጻዋርነትን፥ ንሰላምን ልምዓትን፥ ያታን ባህልን ህዝብና ዘጉልሑ እዮም ነይሮም።

ኣብ ጽንብል በዓል ልደት ዝተሳተፈ ህዝቢ ከተማ ምጽዋዕን ኣባላት ሓይሊ ኣየርን፥ ሸለል ክስዕሰዑ ጸኒሖም ናብ ሳሪጉበለ ደሰዮሩ፥ ከኹድዱ ጸኒሖም ኢደን ንኢድ ተታሓሒዞም ብተሓምበለ ይፍተለ። እዚ ከኣ፥ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ጥራሕ ዝርከብ ዓቢ ትዕድልትን ጸጋን እዩ። ከምዚ ምስ ኮነ ይኸውን ገዲም ድምጻዊ ተኽለ ክፍለማርያም (ወዲ ትኹል)

*ህዝቢ ኤርትራ*
*ከም ሓደ ሰድራ....*
*ኣብ ካልእ ተመሳሲ ደርፉ'ውን*
*ንሓድነትን ስኒትን ህዝቢ ኤርትራ*
*ብጥበቡ ንምግላጽ፥*
*እቲ ገደናና ሓደ*
*ንወርዶ ሩባ ሓደ...*

ክብል ዝተሰምዐ፥ ከምቲ 'ንፋዓት ኣብዑር ሓደ ማሕረሶም፥ ቅኑዓት መሳኸኽር ከኣ ሓደ መልሓሶም' ዝበሃል፥ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ መሳርዕ ስጥመቱ ሓደ እዩ።

እቲ "ሓይሊ ኣየርና፥ ዋሕስ ሰማያትና፥ ክሊ መሬትና፥ ኣየርናን ባሕርናን ንምውሓስ ወትሩ ድሉዋት፥ መንእሰያትና ወረስቲ ብቕዓትን ውሕስነትን ሃገር፥ ጥምረት ሓይልታት ምድሪ፥ ባሕሪ፥ ኣየር

እዩ። እዞም መለለዩ ረቛሒታት እዚኦቶም ድማ፥ ትም ኢሎም ዝተፈጥሩ ኣይኮኑን። ካብ ቀዳሞት ሕብረተ-ሰቡና ዝተወስዱ ስልጡናትን ብሉጻትን ታሪኻዊ ወርሻታት እዮም። እዚ ጽኑዕ መንደቕ ሓድነትና ድማ'ዩ ንጸላእትና ብፍጹም ዘይብርሆም። ወህደቱ ምስ ተዓዘቡ ድማ ምስጢር ዘይተሰዓርነቱ ይገሃደሎም'ሞ፥ "ንሕና ጸላኢና፥ ስኒትን ሓድነትን ህዝቢ ኤርትራ እዩ" ብምባል ኪይሓፈሩ ክዛረቡ ዝሰምዑ። እዚ እዩ ድማ፥ እዚ ህዝቢ መመለሲ ልዕሊ እምኒ ዓረ ከም ዝጸንዕ፥ ኣብ ዳስ ፍቕርን ሕውነትን ነናሻዕ ከም ዝዓንጉግን ዝነብር። ኣብ ሎሚ ኩይኑ፥ ኣብ በዓል ልደቱ ኧዚ ደረጃ እዚ ክበጽሕን ክገናጸፍን ዝኸኣለ ከኣ፥ ዋጋን መስዋእትን ናይቲ ኣብ መላእ ዕምሩ ዝኸዶ ጉዕዞ ቃልሲታቱ እዩ።

ሓደ ካብ ዝኸበሩ ሃይማኖታዊ በዓላትና ዝኾነ በዓል ልደት፥ ምስቶም መስርያም ዘይብትኩን ክሊ ኣየርና ዘይደፍሩን ጀጋኑ ኣባላት ሓይሊ ኣየር ምብዓሉ ከኣ ድርብ ትርጉምን ሓለፋን ኣለዎ። ኣውረስትን ወረስትን ብዘይ ፍልልይ ኣብ ደንበ ጽንዓትን ጅግንነትን፥ ብሓበንን ኩርዓትን በዓሎም ክጽንብሉ ምኽኣሎም ድማ፥ ንዘለዎም ብቑዕ ኣካይዳ ዘመላኽት እዩ።

እቲ ብኣገልግሎት ተለቪዥን ኤርትራ ዝተመሓላለፈ፥ ካብ ሰዓት 3፡00 ድ/ቐትሪ ክሳብ 8፡30 ምሸት ብዘይ ዕረፍቲ ዝተኻየደ መደብ፥ ኣማኢያኡ ብጸቡቕ ፋልን ምንጾትን እዚ ዓመት'ዩ ተዛዚሙ።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

የናስ ተስፋጋብር ሕዝበይ፡ ኣደይ ንግስቲ ተኽለማርያም መንግስቱ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ. 32 ይቕረብ።

ሰሚራ ሚካኤል ተስፋይ፡ ወለድና ተስፋማርያም ንጉሰ ደስታን ኣብርሀት ተሰማ መዛዝዕን ስለዝዓረፉ፡ 1. ለተብርሃን ተስፋማርያም ንጉሰ 2. ነፍ/ ኣብርሃም ተስፋማርያም ንጉሰ ተተካኢቲ 2 ደቁ 3. ሚካኤል ተስፋማርያም ንጉሰ 4. ሃብተገርግስ ተስፋማርያም ንጉሰ 5. ረዘነት ተስፋማርያም ንጉሰ 6. የውሃንስ ተስፋማርያም ንጉሰ 7. ነፍ/ኣበባ ተስፋማርያም ንጉሰ ተተካኢት 1 ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ. 32 ይቕረብ።

ከሳሲ የናስ ኣብርሃም ዑቕባዝጊ፡ ተኸሰስቲ 3.1 ኣስቴር ኣብርሃም ዑቕባዝጊ 3.2 ዳዊት ኣብርሃም ዑቕባዝጊ፣ ንዓኹም ዝምልከት ናይ ምቅሊት ጉዳይ ስለ ዘለኩም፡ ን29/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሳል ወ/ሮ ግደይ ሰዩም በርሀ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ተስፋሚካኤል ተኽሉብርሃንን ዘሎ ናይ ፈጻሚ ጉዳይ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ተስፋሚካኤል ተኽሉብርሃን ንጹር ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/02/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ 32 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣሌክሳንደር ረዳኢ ተኽለማርያም፡ ኣቦይ ረዳኢ ተኽለማርያም ብእምነት ስለዝዓረፈ፡ ኑዌና ናይ መጸምዲ ማሳላ ይተሓለሉ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሰስቲ ወ/ሮ ወራ/ነፍ/ባይሩ ገብረኣብ መሓር ነፍ/መብራት ስበሃቱ በራኺ፡ ገዛኢ ባይሩ ገብረኣብ፣ ተኸሰስቲ 1. ወ/ሮ ሓዳስ ባይሩ ገብረኣብ 2. ሰናይት ፍትዊ፣ ናይ ምቅሊት ወርሲ ክሲ ተመስሪቱልክን ስለዘሎ፡ ን28/0126 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረባ፡ እንተዘይቀሪብክን፡ ጉዳይክን ኣብ ዘየለኽናሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ወ/ሮ ለታይ በርሀ ሓድጉ፡ ብዓል ቤተይ የማነ ኣማን ጉብሳ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ካሕሳይ ሃብተስላሴ መዛዝዕ፡ ኣሕዋተይ ዞሚካኤል ሃብተስላሴ መዛዝዕ ስለዝተሰወአ፡ ኣብርሃ ሃብተስላሴ መዛዝዕ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ወይኒ ተስፋኣለም ዘወልዱ፡ ኣቡሓጎና ዘወልዱ ተእምርተ ገብረንጉስ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ንኣቦይ ተኪአ ምስ 7 ሓወቦታተይን ኣሞታተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ልቹ መሴ ተወልደ፡ ብዓል ቤተይ ሳሚኤል ኪዳነ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ምሕረትኣብ ኣብርሃም ተወልደብርሃን ምባል ተረፉ፡ ምሕረትኣብ ኣብርሃም ተወልደመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ንዋራ መሓመድኑብርሃን፡ ምባል ተረፉ፡ ኑራ መሓመድኑብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።
ሰላም ተስፋይ ዘወልደ ምባል ተረፉ፡ ኑብያት ተስፋይ ዘወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ የማነ መተካን ኣድሓኖም፡ ወለድና መተካን ኣድሓኖምን ለተጸዮን ክፍለሚካኤል ስለዝዓረፉ፡ 6 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰለማዊት መንግስትኣብ፡ ብዓል ቤተይ ፍስሃጼን ጼጋይ ገብረማሰቀል ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

መረብ በላይ በራኺ፡ ወለደይ ኣቦይ ሚጀር በላይ በራኺ ኪዳነን ኣረጋሽ ተድላ መዛዝዕን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 9 ህልዋት ኣሕዋተይ ምስ 7 ተተካኢቲ ደቂ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/3/26 ኣብ ቤ/ፍ2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ወ/ሮ ዝበይዳ የሱፍ ኣሕመድ፡ ስም ኣደይ ዘይኑብ ሸዕብ በሽር ምባል ተረፉ፡ ሕደጋ ሓገየስ መድሄ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኤልሳ የማነ በርሀ ምባል ተረፉ፡ ሳሮን የማነ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲት ወ/ሮ ርግኣት ገብረህይወት ገብረጊየርጊስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋኣለም ብርሃነ ተፈራ፡ ናይ ገንዘብ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## ሓራጅ

ብ/ፍ/በ/መሳ ቀሺ ኣብርሃም ዘፍረዶ ገንዘብ ኣቶ መሴ ኪዳነ ስለ ዘይከፈልዎ፡ ኣብ ዱብርዋ ዝርከብ ተራ ገዛ ጥቓ ቤተክርስትያን እንዳ ሚካኤል ኣብ ኣስታት 190 ት/ሜትር ዝተደኮነ ክልተ ቀንዲ ክፍሊ ዝተሰርሐ ክልተ ተሓጋጋዚ ክፍሊ ዘይተሰርሐ ብኮኢላ መገንደሲ 104.841.00 (ሓደ ሚእትን ኣርባዕተን ሽሕን ሸሞንተ ሚእቲን ኣርባዕን ሓደን ናቕፋ) ስለ ዝተገመተ፡ ብሓራጅ ክሸየጥ ስለዝኾነ፡ ኣብዚ ሓራጅ ክወዳደር ዝደሊ፡ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ ሓሙሽተ መዓልታት ጀሚሩ ናይ ክወዳደረሉ ዝደሊ ማጠን ገንዘብ ብምጥቃስ ኣብ ዝተዳሸገ ፖስታ ብምምዕራ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፈጻሚ ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ ጥቓ ቤት ፍርዲ ሸረዓ ኣብ ዝተዳለወ ዕጹው ሳጹን (ሳንዱቕ) የእቱ። ኣብዚ ናይ ዕለት ሓራጅ ናይ ዝተዋህበ ግምት ወይ ገንዘብ ሓደ ርብዒ ብስም ፈጻሚ ፍርዲ መንደፈራ ኣብ ንግዳዊ ባንኪ ኤርትራ መንደፈራ ሲፒኦ (CPO) ኣሰሪሑ ወይ ናይ ባኪ በኽ ሐዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል።

ዕለት ሓራጅ፦ 06/02/2026
ሰዓት ሓራጅ፦ 8:00-9:00
ቦታ ሓራጅ፦ ፈጻሚ ፍርዲ ዞባ ደቡብ መጋባእያ ሸሪዓ

ብስም ነፍ/ር ኣደም ያሲን ማሕሙድ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ቊሸ 35 ስፍሓቱ 167.00 ት/ሜ፡ ብ4 ቀንዲ ክፍልታት 2 ተሓጋገዝቲ ክፍሊ ዝተደኮነ፡ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 100043 መወከሲ ቁጽሪ 110850 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ)፣ ብውርሲ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝፈቕዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ወኪል ዓብዱረሒም ሳልሕ

ብስም ነፍ/ር መሓመድ ኢብራሂም መሓመድ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማእከል-ከተማ ዚፕ 1A175 ፓርሰል E ጎደና ሓርነት ቁ.ገዛ 31 ስፍሓቱ 163 ት/ሜ፡ ብ5 ቀንዲ ክፍልታት 2 ተሓጋገዝቲ ክፍሊ ዝተደኮነ፡ ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 1፡ 0118501/1 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ)፣ ብውርሲ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ሰዑዳ ዓብደላ

ብስም ነፍ/ር መሓመድ ሓሰን ኣሕመድ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ቊሸ 4 ስፍሓት 53.70 ት/ሜ ካብ ብጽሒተይ 2 ቀንዲ ክፍልታት 2 ተሓጋገዝቲ ዝተደኮነ፡ ኣብ ፓብሊክ ኖታሪ ብቑጽሪ መዝገብ 0254/06 ብዕለት 24/03/2006 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ)፣ ብውርሲ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ወኪል ኣዮብ መሓመድ ሓሰን

ንሕና ካብ ወለድና ነፍ/ዛይድ ሃብቱ ተስፉን ነፍ/ገነት ተኽለ ገብረመድህንን ብውርስን ብለበዋን ዝረኸብናዮ ገዛ ኣብ ኣስመራ ከበቢ/ዚፕ ኮድ ጎዳይፍ 1A713 ጎደና 713-6 ፕሎት 62 ፓርሰል 11 ቁ/ገዛ 47 ዝርከብ፡ ኣብ 250 ት/ሜ ዝተደኮነ 3 - ቀንዲ ክፍልታት 4 ሓገዝቲ ክፍልታት ዘለዎ ገዛ ብሚኒ/መ/ማ/ኣከባቢን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1/004532/1ብዕለት 07/8/2025 ብስም 1. ታደሰ ገብረሚካኤል ተስፉን 2. ዛይድ ሃብቱ ተስፉን ዝተመዝገበ፡ ካብዚ እቲ ፍርቂ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸኣሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ወይ ድማ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተር ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ናብ ስምና ክንመሓላለፍ ኣፍልጥ።

እስቲፋኖስ ዛይድ +3

ብስም ነ/ር ኑርሑሴን ሰዒድ ዓብዱልቃድር፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ዚፕ 1A168 ፕሎት 45Q ፓርሰል F ጎደና 168-9 ቁ/ገዛ 71 ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 1BRASM019125 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ)፣ ብውርሲ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ኣሰያ ኑርሑሴን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ብፍ/በ/ዕዳ ምብራቕ ኣይንኣለም ተ/ማርያም፡ ብፍ/በ/መሰል ዓብደላ ሂቡ ኣደም፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ተመስሪቱ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለክሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ዓብዱ ሳልሕ መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ዓብዱ ሳልሕ መሓመዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዛይድ ጉብረእግዚኣብሄር ጉብረስላሴ፡ ኣደይ ወ/ሮ ደሃብ ተስፋይ ቀለት ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኑር መሓመድ ኑር ምባል ተረፉ፡ ኑሩ መሓመድ ኑሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኤደን የማነ ረድኢ፡ ወለድና የማነ ረድኢ ጉብረጻድቕን ወ/ሮ ገኑት ዞሚካኤል ጳውሎስን ስለ ዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት ዑቕባ ተስፋማርያም ተስፋሚካኤል፡ ተኸሳሲ ጉብረሂወት ለማ ጉብረስላሴ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ወ/ሮ መርሃዊት ተኽሉብርሃን ተጸዋዒ ኣቶ መሴ የሴፍ፡ ናይ ጥፉእ መዝገብ ተኸፊቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕላድ

ት/ዕ ኣራኸሺ የውሃንስ ጉብረማርያም ምባል ተረፉ፡ ፍረወይኒ የውሃንስ ጉብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሚሌት በርሀ ጼጋይ ምባል ተረፉ፡ ሰሚራ በርሀ ጼጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዑቕባማርያም ሚከኤል በራኺ ምባል ተረፉ፡ ሚካል ሚከኤል በራኺ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሰላም ጉብርሂወት ባይረ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዳዊት እዮብ ሃይለማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

መረሕ እዝራ፡ ኣደይ ብርክቲ ህንጻ ምባል ተረፉ፡ ብርክቲ ህንጻይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍይቕረብ።

ልኡላ የማነ ጉብረኣብ፡ ብዓል ቤተይ ወልደትንሳኤ ቀለታ ሰመረ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቀይ ከኣ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸለና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ኣርሴማ ዓንደም፡ ተኸሳሲ ፍጹም ዞርያስ ነጋሲ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ጸገ ተስፋይ በዩ፡ ወኪል ኣርኣያ ዑቕባጋብር፡ ካብ ኾ/ክፍሉ ክብሮም ጉብረእግዚኣብሄር፡ ኣብ ዓዲ ኳላ ምም/ከባቢ ሰሞሞ 02 ፕሎት 15 ፓርስል ክፍሊ +5 ስፍሓት 254 ት/ሜትሮ 2 ክፍሊ ሰሩሕ ገዛውቲ ዝወዕል መሸጣ ዝዓደግክዎ ብቤ/ፍ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/01/25 ኣብቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ተስፋልደት ዳንኤል ሃብተየም ምባል ተረፉ፡ ሄኖስ ዳንኤል ሃብተየም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/02/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጴጥሮስ ተስፋይ ደብሳይ ምባል ተረፉ፡ ካፒታል ተስፋይ ደብሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ-ቤት ፍርዲ ሰንዓፈ

ከሳሲት ዛይድ ሃይለ ሕድሮም፡ ተኸሳሲ ብዓል ቤተይ ሳምሶም ምላሽ ተስፋይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ከሳሲት የርዳኖስ ፍስሃየ ጉብረጻድቕ፡ ተኸሳሲ ተወልደ ረዘነ ካሕሳይ፡ ናይ ስ/ሰ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ኣልጋሽ ሓጎስ ተኽሉ፡ ብዓል ቤተይ ኣብርሃም ጉብረሚካኤል ጉብረ ስለዝተሰውኡ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ይኹን ገዝኡ ኣነ ምስ 7 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ኣርሴማ ጉብረሂወት የናስ፡ ኣደይ ወ/ሮ ሰላ ሃብተ ዘርኣይ ምባል ተረፉ፡ ወ/ሮ ልኡል ሃብተ ዘርኣይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣብ መንነ ይግ/በሃሊ ኣቶ ኣርኣያ ኢሰያስ ማናን ወኪ. መልሲ ወ/ሮ ትርሓስ ተኽለይ ተድላን ናይ ይግባይ መዝገብ ተኸፊቱ ስለዘሎ፡ ወሃ/መልሲ ን22/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ሰናይት በርሀ ኣርኣያ፡ ስም ኣደይ ኣቦ ኢሳቕ ኣርዓዶም ምባል ተረፉ፡ ለተንስኤ በርሀ ኣርኣያ፣ስም ኣቦይ በርሀ ኣርኣያ ምባል ተረፉ ሰናይት ተስፋይ ጉብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድ እስማዒል መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ያቆብ እስማዒል መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። ኣስመረት ተስፋጽዮን ጉብረስላሴ፡ ምባል ተረፉ፡ ኣስመረት ፍስሓጼየን ጉብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተስፋማርያም ናይኔይ ሓንጣል ምባል ተረፉ፡ ተስፋማርያም ሃይለ ሓንጣል፡ ስም ወላዲተይ ከኣ ለተኺዳን ተኸስተ ጉልበት ምባል ተረፉ፡ ለተኺዳን ከሰተ ጉልበት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ኣቶ ኣሕመደ ዑመር ኣሕመደ፡ ስም ኣደይ በኪታ ሙሳ መሓመድ፡ ምባል ተረፉ፡ በኪታ መሐመድ ሙሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዑመር ዓሊ ሰዒድ፡ ስም ኣደይ ፋጥና ዑመር መሐመድ በርከቲ ምባል ተረፉ፡ ፋጥና መሐመድ በርከት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/01/26 ኣብቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሓምድ ዑስማን ዓሊ ኣድሪስ ምባል ተረፉ፡ ሓምድ ዑስማን ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

መሓመድ ዓሊ ኣድሪስ ምባል ተረፉ፡ ማሕሙድ ዓሊ እድሪስ ባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓር ተስፋሚካኤል ጉብረመድህን ምባል ተረፉ፡ መሓር ተስፋሚካኤል ጉብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንጎ ፕሮ/ ረዘ ሃብተማርያምን ወ/ረ/ሃ/ሄር ሃብተማርያም ገብረማርያምን ናይ ፈጻሚ ክርክር ኣብ ቤት ፍርዲ ይኻየድ ስለ ዘሎ፡ ፍርዲ ሰብ ዕዳ 1. ሰላም ሞላ ዛፉ፥ 2. ርእሶም ሃብተማርያም 3. ፍጹም ተሬሪ 4. ኣልማዝ ተሬሪ 5. ኣኽበረት ተሬሪ 6. ነጻነት ተሬሪ 7. ሳምሶም ተሬሪ 8. ወይኒ ተሬሪ 9. ሰምሃር ተሬሪ 10. ለምለም ተሬሪ፡ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/35 ቀሪብኩም ጉዳይኩም ክትከታተሉ ንእዝዘ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘይለኹምሉ ክረአው ምኳኑ ንሕብር፡፡

ኣብ መንጎ ከሳሲ ወረ/ንፍ ዘርኣይ ኣርኣያ ዓንደሚካኤል ኣቶ የውሃንስ ዘርኣይ ኣርኣያን ተኸሰስቲ 1. ወ/ሮ ርሻን ኣርኣያ ዓንደሚካኤልን 2. ወረ/ ነፍ ዘርኣይ ኣርኣያ ዓንደሚካኤልን ማዕድን ዘርኣይ +5 ዘሎ ናይ ምቅሊት ውርሲ ጉዳይ፡ ተኸሳሲት ቁ1. ወ/ሮ ርሻን ኣርኣያ ዓንደሚካኤል ኣድራሻኽን ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕክን ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ቀሪብክን ጉዳይክን ክትከታተላ ንእዝዘ፡፡ እንተዘይቀሪብክን፡ ጉዳይክን ኣብ ዘየለኽናሉ ክረአ ምኳኑ ንሕብር፡፡

ኣቶ ተስፋማርያም ኢሳቅ ሰዓረ፡ ስም ኣደይ ጸገ ተኽለሃይማኖት ታፍላ ምባል ተሪፉ፥ ጸገሬዳ ተኽለሃይማኖት ታፍላ፡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/47 ይቕረብ፡፡

ብፍ/በ/ማሰል ኣክሊሉ ጸሃየ መሓሪ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ሰምኣን ዓንደብርሃን መሓሪ፡ ንዳኝ ዝምልከት ናይ ፈጻሚ ጉዳይሰለ ዘሎ፡ ን5/02/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ. 49 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ኤደን ኣርኣያ ተወልደ፡ ወኪል ጸጋ የውሃንስ ኣዳል፡ 1. ኣስቴር ኣርኣያ 2. ሩታ ኣርኣያ 3. መኰንን ኣርኣያ 4. መኣዛ ኣርኣያ 5. ፍትሓዊት ኣርኣያ 6. ኣለምሰገድ ኣርኣያ፣ ኣድራሻኦም ኣይተፈልጠን ናይ ጥፉኣት መረጋገጺ ክወሃበኒ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን04/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ት ብርክቲ ተስፋሚካኤል ገብረዝጊ ምባል ተሪፉ፥ ቤታኤል ተስፋሚካኤል ገብረዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ሓመዲን ሓሰን ከድር ምባል ተሪፉ፥ ኣሕመዲን ሓሰን ከድር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲ ወ/ሮ ጅራወርቒ ኣንገሶም ካሕሳይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋሂወት ሃይለሚካኤል ደሰ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ነድሪን ዑስማን ኢብራሂም፡ ወኪል ወ/ሮ ሰለሙት ዓብ እዴርስኖር፡ ኣቦይ ዑስማን ኣብራሂም ድራር ስለዝዘሰውኦ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዘርአ ተወልደመድህን ወልደኣምላኽ ምባል ተሪፉ፥ ዘርኣይ ተወልደመድህን ወልደኣምላኽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቦፍታ መሳ መርዕስም ምባል ተሪፉ፥ በፍታ መሳ መረስዕብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ይግባይ በሃሊ 1. የውሃንስ ክፍሎም 2. ድልየት የውሃንስ 3. ማርያም የውሃንስ፣ መልሲ ወሃቢ ክፍለ ሰለሙን ተድላ፡ ኣብ ልዕለኻ ናይ ይግባይ ክርክር ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ሃብል ተስፋዝጊ ተስፋየውሃንስ ምባል ተሪፉ፥ ሃብል ተኽልዝጊ ተስፋየውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሁዳ ኣረይ ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፥ ናሪማን ኣረይ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣመልካቲ ተጋ/ተኽለኣብ በርሀ ኪዳኑ፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ 3 ን/ዞባ 05 ከባቢ ቃሓውታ ጎደና 115 ቁ/ገዛ 42 ሎታ 64 ፓርቸላ A/2 ብመለለዪ ቁጽሪ 00062 መወከሲ ቁ139905 ስፍሓት መሬት 250 ብስመይ ዋንነቱ ናይ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ዝበርኒ ምርሒት መሬት 133840/141 ምግ/69 ናይ ዕለት 01/11/94 ዋና ሰነድ (ኦርጅናል) ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ረኺብ ወይ ብዕዳ (ውሕስነት) ሒዘዮ ዝበለ፡ ብቑጽሪ ተሌፎን 07800322 ክትሕብሩኒ እሓትት፡፡ ሓበሬታ ምስ ዘይረክብ ግን መተካእታኡ ካብ ዝምልከቶ ቤት/ጽ ከውጽእ ምኳነይ እሕብር፡፡

ተጋ/ተኽለኣብ በርሀ

---

ወ/ሮ ኣልጋነሽ ፍቓዱ ገብረስላሴ፡ ዝተፈቕደለን ናይ ሆንጻን ሕርሻን ኣቑሑት መሸጣ ንግዳዊ ትካለን፡ “ኣልጋነሽ መሸጣ ናውቲ ሆንጻን ሕርሻን” (ALGANESH FERAMENTA) ተባሂሉ ክጽየመለን ስለ ዝሓተታ፣ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ኮይኑ ክፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሻጣዊ ንግዲ

---

ወ/ሮ ኣብርሀት ኢሳቅ ካሕሳይ፡ ዝተፈቕደለን ናይ ስሑጽባቐ ጸጉራርእሲ ንግዳዊ ትካለን “ናኡሚተይ ስሑጽባቐ “ (NAUMITEY SALON) ተባሂሉ ክጽየመለን ስለ ዝሓተታ፣ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ኮይኑ ክፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሻጣዊ ንግዲ

---

ወ/ሮ ኤልሳ ኣፈወርቂ ኣብርሃም፡ ዝተፈቕደለን ናይ ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ንግዳዊ ትካለን፡ “ሪም ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና (RIM DRIVING SCHOOL) ተባሂሉ ክጽየመለን ስለ ዝሓተታ፣ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ኮይኑ ክፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሻጣዊ ንግዲ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ኣኽሪያ ኣስመራ፥ ዞባ 7 ምም 08 ጎደና ቁ/ገዛ 1 ሓሙሽተ ቀንዲ ክፍልታት ዘጠቓልል፡ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 101814 መወከሲ ቁጽሪ 102319 ብስመይ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ 1. ንኣቶ የናስ ኪዳን ገብረኣምላኽን 2. ወ/ሮ ሉዋም እዮብ ሓጎስን ስለ ዝሸጥኩሎም፡ ስም ምትሕልላፍ ክንገብር ስለ ዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀርቡ ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምኳነይ እሕብር፡፡

ኑቢያት ተኽለማርያም ገብረታትዮስ

---

ኑቲ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ከባቢ 06 (ዋሊኹ) ዚፕ ኮድ 6K-1323 ፕሎት 18 ፓርሰል K ጉደና 437 ብመለለዪ ቁ.ንብረት 6:000484/1 ዝተመዝገበ፡ ስፍሓቱ 160 ት/ሜ ዝኾነ፡ ኣብ ልዕሊኡ 3 ክፍሊ ተሓጋጊዙ 2 ምስ ክሽነ ዓይኒ-ምድሪ ምስ መካበብያ ዘለዎ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብስም ወ/ሮ ምሕረት ብርሃ ተድላ ዝተመዝገበ ዝዓደግክዎ፡ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ከረን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምኳነይ እሕብር፡፡

የርዳኖስ ተስፋሚካኤል ትኳር

---

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ተኽለማርያም ኣረፈን ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ተስፋኣለም መሓሪን ዝበረ ናይ ገንዘብ ክርክር፡ ቤት ፍርዲ ብስም በ/ቤት ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ዘውዲ ተስፋሚካኤል ወልደሚካኤል ዝተመዝገበት ቶዮታ ላንድ ክሩዘር ዝዓይነታ ቁ/ሰሌዳ ነበር ER-1-14166 ህሉው ቁ/ሰሌዳ ER-1-C-5526 ቁ/ቻሲ FZJ80-0019291 ናይ ገዛ መኪና ብሓራጅ ተሸይጣ መኸፈሊ ዕዳ ክትከውን ቤት ፍርዲ ትእዛዝ ስለ ዝሃበ፡ እዛ ዝተጠቕሰት ማኪና ብኩሊላ ተገሚታ ኣብ ደሓን ኩነታት ትርከብን መበገሲ ዋጋ ሓራጅ 380,000 (ሰለስተ ሚእትን ሰማንያን ሽሕ) ናቕፋ ምኳኑ ንሕብር፡፡ ኣብዚ ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፥ ናይቲ ክውዳደረሉ ዝደሊ ዝረቑሖ መጠን ገንዘብ፡ ኣብ ዕሹግ ሰታሪት ብምድሳው ኣብ ቁ/62 ላ/ቤ/ፍርዲ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ 5+ ናይ ስራሕ መዓልታት ጀሚሩ የእቱ፡፡ ኣብ ዕለት ሓራጅ ከኣ ናይ'ዚ ኩብ ኢሉ ዝተጠቕሰ መበገሲ ዋጋ ሓራጅ 1/4 ብስሙ ባንክ ሕሳብ ወይ CPO ብስም ፈጻሚ ፍርዲ ኣሰሪሑ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ብምቕራብ ክሳተፍ ይኽእል፡፡

ቦታ ሓራጅ፦ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/27 ገበን መጋባእያ

ዕለት ሓራጅ፦ 09/02/2026

ሰዓት ሓራጅ፦ 3:00 -4:00 ድ/ቀትሪ

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ቁ/64 ላ/ቤ/ፍርዲ ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ ብምቕራብ ክወከስ ይከኣል፡፡ ማኪና ክርኢ ዝደሊ ኣብ ሓሰን ጋራጅ ጥቓ ባር ቶሪኖ ብምኻድ ክርኢ ይኽእል፡፡ ኣብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘየቕረቡ ሓራጅ ደው ከም ዘይብል ንሕብር፡፡

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

---

ብስም ደርግኣለም በርሀ ዑቕባጼን ኣብ ዓዲ/ከባቢ ገዛባኖ ብመወከሲ ቁጽሪ 000286 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 012698 ፕሎት 2 ፓርሰል G ንመንበሪ መዓል ዝተዓደልክዎ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዘዮ ዝበል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ስልኪ 07226969 ክሕብረኒ፡፡ እንተዘይተኻይዱ ግን መተካእትኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምኳነይ እሕብር፡፡

ደርጋኣለም በርሀ

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

ሓምሻይ ክፋል

## ዋሕዚ ዓወት

> “እንድሪ ቤትካ ኣፍቅር፡ ኣብርቲዕካ ስራሕ፡ ንውዕዉዕ ስምዒትካ ዝርዕ።” - **ጌሪ ቫይነርቻክ**
>
> “ሓንቲ ንእሽቶ ሓሳብ ኣብ እዋን ንግሆ፡ ንመላእ መዓልትኻ ክትልውጣ ትኽእል።” - **ዳላይ ላማ**



ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ዛ ‘ዓወት’ እትብል ቃል ከየልዓልናላ ዝሓለፍናላ እንተ ሃሊዩ፡ ሳሕቲ እዩ ክኸውን ዝኽእል። ዓወት ንሓደ ሰብ ዘሀቦ ትርጉም ምስ እቲ ኑቲ ካልእ ሰብ ዘሀቦ ትርጉም እምብዛ እተፈላለየ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ትርጉም ዓወት ዝተፈላለየ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ መቐበርኦ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ዝተፈላለየ ብምዃኑ እዩ። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ኣደህቦና ዝተፈላለየ ብምዃኑ እውን፡ ንዓወት እንህቦ ትርጉም ዝተፈላለየ ክም ዝኸውን ይገብሮ እዩ።

ኣብ ቀዳሞት ግዜ ህጻንነትካ፡ ንዊሕ ሰዓታት ኣብ ዓራትካ ምድቃስ፡ ከም ዓቢ ዓወት ክስምዓካ ይኽእል እዩ። ድሕሪ ሓደት ዓመታት፡ ነዊሕ ምድቃስ እናጸልኣካ ክመጽእ ይጀምር፡፡ ብዙሕ ሰዓታት ምጽዋት፡ ከም ዓቢ ዓወት ክትቖጽሮ ትጀምር፡፡

ብድሕሪ ገለ ዓመታት ጉዳይ ትምህርቲ ዝያዳ ኣቓልቦ ክትህቦ ትኽእል ኢኻ፡፡ ብትምህርትኻ ካብ መማህርትኻ ጸብለል ብምባልካ ክትሽለም እንተለኻ፡ ዝያዳ ዓወት ክስምዓካ ይኽእል እዩ። ትምህርትኻ ወዲእካ ናብ ስራሕ ዓለም ምስ ተጸንበርካ፡ ኑዩም ዘምሃሩኻ ወለድኻን ህዝብኻን ክትክሕስ ምስ ጀመርካ፡ ዝስምዓካ ናይ ዓወት መንፈስ ብቓላት ዝግለጽ ኣይኮነን፡፡

ዓወትካ ኣብዚ እውን ኣየብቅዐን እዩ፡፡ ናብ ፍቕሪ ዓለም ኣቲኻ፡ ብጾኡ ኣብልካ ሓዳርካ ምስ ፈለኻ፡ ንዓለም ብዓለማ ዝጨበጥካያ ክመስለካ ይኽእል እዩ፡፡ ብድሕሪ ሓዳርካ ምፍላይካ፡ ጉዳይ ደቅኻ እቲ ዝዓበየ ዓወትካ ምዃኑ ክስቁረካ ይጅምር፡፡

ዓወት በዚ ኣየብቅዐን እዩ፡፡ ኣብ ስራሕካ ዕቤት ክተርኢ ትደሊ፡፡ ኣብ ጥኽ ገለ ገንዘብ ክተዋህልል ትደሊ፡፡ ምስ ምሉኣት ስድራ ቤትካ ቀሲንካ እትነብረሉ ገዛ የወናውነካ፡፡ ናብ ዝተፈላለዩ ታሪኻውያን ቦታታት እናበጻሕካ፡ መንፈስካ ከተሐድስን ፍልጠትካ ከተሰፍሕን ተበጊሶ ምውሳድ፡ ሓደ ካብ መግለጺ ዓወትካ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡

ኣብ እዋን ሽምግልናኻ ዝህልወካ ትርጉም ዓወት ዝተፈልየ ከም ዝኸውን ከም ርዱእ ክወሰድ ይኽእል እዩ፡፡ ጸቡቕ ጥዕና ክህልወካ ምስራሕ ከም ቀዳማይ ዓወትካ ኩይኑ ክስምዓካ ይኽእል እዩ፡፡ ወርሻኻ ናብ ደቅኻን ደቂ ደቅኻን ምስግጋር፡ ከም መሰከፊ ዓወትካ እንተ ወሲድካዮ ኣየኽፍኣልካን እዩ፡፡ ሙብዛሕትኡ ሰብ ካብ እዛ ዓለም ምስ ተሰናበተ፡ ዓለም ብጸቡቕ ክትዝክሮ ይደሊ እዩ፡፡ ክንዲ ዝኾነ፡ ብጥቕሙ ንዓለም ዝጠቕም ገለ ነገር ከበርክት ፋሕተርተር ይብል እዩ፡፡

ብህይወት ክሳብ ዘለና፡ እቶም ዝጋጥሙና ኩነታት፡ ፍጻመታት፡ ሰባትን ካልኦት ንኣቓልቦና ዝያዳ ዝስሕቡን ንዓወት እንህቦ ትርጉም እምብዛ እዩም ዝጸልውዎ፡፡ ዓወት ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት (realms) - ፊናንሳዊ፡ መንፈሳዊ፡ ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣዊ፡ ስምዒታዊ፡ ግዝኣተሰናዊ፡ ኮማዊ፡ ስድራ ቤታዊ፡ … ክርከብ ይኽእል እዩ፡፡

ንዓወት ክትጭብጦን ክትዕቅቦን እቶም እምበረ መጠን ኣገደስቲ ነገራት ክትፈልጦም ዝግብኣካ እዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ነጥብታት እዮም፡

1. ዓወት ኣጉዳሲ እዩ፡፡
2. ዓወት ግቡእካ እዩ፡፡
3. ሕጽረት ዓወት የለን፡፡

ብርግጽ ኣገዳስነት ዓወት ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት ኣብ ምልክት ሕቶ ዝኣቱ ኣይኮነን፡፡ ሰባት ባህሎም፡ ዓሌቶም፡ ሃይማኖቶም፡ ቀንጠባዊ ድሕረ ባይታኦም ወይ ማሕበራዊ ጉጅሎም ብዘየገድስ፡ ዓወት ንውልቀ ሰባት፡ ስድራ ቤት፡ ጉጅለ … ኣመና ኣገዳሲ ምዃኑ እዩም ዝኣምኑ፡፡ ዓወት ንመጻኢ ህላወ ሰባት እውን ኣገዳሲ እዩ፡፡

ዓወት ርእሰ ተኣማንነት፡ ውሕስነት፡ ስምዒት ምቕሖት፡ ክእለት ዝለዓለ ደረጃ ምብርኻት ከምኡ እውን ክእለት ተሰፋን ብዝተኻእለካ ዓቕሚ ንኻልኦት ሰባት ምሕጋዝን ይህብ፡፡ ብዘይብኡ ንሸኻ ጉጅለኻ፡ ኩባንያኻ፡ ሹቶኻ፡ ሕልምኻ ዋላ እውን መላእ ስልጣነ ህላወኡ ኣብ ሓደጋ ክወድቕ ይኽእል እዩ፡፡

ንዓወት ወትሩ ከም ተመጣጢ ገደርካ ቁጸሮ፡፡ ብዘይቀጻሊ ዕቤት ዝኾነ ይኹን ኣካል - ኮርፖረሽን፡ ሕልሚ፡ ዋላ እውን ኩሉ ዘርኢ - ህላወኡ ኩብቆዕ ይኽእል እዩ፡፡

ታሪኽ ከም ዘረጋገጾ ዕቤት ናይ ዝኾነ ነገር ምስ ዘቋርጽ፡ ፅንወት ግድን ይስዕብ፡፡ ኣብ እዚ ንስልጣነ ቪኪንጋውያን (Vikings)፡ ጥንታዊት ሮማን ግሪኽን ማእለያ ዘይብለን ኩባንያታትን ፍርያትን ከም ኣብነት ክንጠቅስ ንኽእል ኢና፡፡

ሰባት፡ ቦታታትን ነገራትን ንኽዕቀበ፡ ዓወት እምብዛ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ኣብ ኣእምሮኻ ይኹን ኣብ እትገብሮ ዝርርብ፡ ንኣገዳስነት ዓወት ኩቶ ክተካእኦ ኣይግባእን፡፡ ኣድላይነት ዓወት እምበረ መጠን ኣገዳሲ እዩ፡፡

ዝኾነ ይኹን ሰብ ንኣገዳስነት ዓወት ዘኣእምሰ፡ ብሩህ መጻኢ ክህልዎ እዩ ኢልካ ክትሰብ ኣይከኣልን እዩ፡፡ እቲ ምንታይሲ፡ ባዕሉ ንናይ ምዕዋት ዕድሉ ከም ዝኣኣሰ ገደርዎ እዩ፡፡ እቶም ንኣገዳስነት ዓወት ዘይኣምኑ ሰባት፡ ካልኦት ሰባት ተመኩሶ ርእዮቶ ከም ዝሕዙ ንኽገብሩ ዘይጉብርዎ ጻዕሪ የለን፡፡ እዚ እቲ ዝበኣሰ ባህሪኦም እዩ፡፡

ውልቀ ሰባት ወይ ጉጅለታት ህላወኦም ንኽቕጽሉ፡ ብንጥፈት ሸቶታቶምን ዒላማኦምን ክወቕዑ ይግባእ፡፡ እንተ ዘይኮይኑ፡ ነበረያ ነበረ ክኾኑ እዮም ወይ ተዳኺሞም ኣካል ካልእ ነገር ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡፡

ኩባንያታት ወይ ኢንዱስትሪታት ደረጃታተን ዓቂበን ክቕጽላ እንተ ደልየን፡ ብቐዓት ፍርያተን ቀጻሊ ክብ ኩቢላ ይግባእ፡፡ ንፍርያተን ብዝሰለጠን ዝጸፈፈን መንገዲ፡ ናብ ዕዳጋ ከውርድኦ ኣለወን፡፡ ንምምዋእለን፡ ሰራሕተኛታተንን ኣውፈርተን ከለጉሳ ኣለወን፡፡ እዚ ዕደት ዝያዳ እናማሓየሻ ክቕጽልኦ ይግባእ፡፡

ኣብ ዓለምና ብዓወትና ከይንዘ ዝነበሩ ክስተታት ብተደጋጋሚ ተኸሲቶም እዮም፡፡ ርሑቕ ከይከድና፡ ኣብ ቀረባ ዓመታት ዘጋጠመ ሕማም ኮረና ቫይረስ ንኽንደይ ዕወታት ሰባት ንድሕሪት ጉቲትዎም እዩ፡፡ ኑዩም ኣብ ገምገም ወይ ቀይቀይ ዝጸንሑ ኸኦ፡ ብዮቹ ለኻኸምምም ተዓዚሩ እዩ፡፡

ደጋጊምካ ምዕዋት ኣብ ዝበለጸ ደረጃ ከም ዘብጽሓካ ከም ርዱእ ክወሰድ ይኽእል እዩ፡፡ ኣብ ጸቡቕ እዋን ዘመዝጉብካዮ ዓወት፡ ንሕማቕ እዋን ዋሕስ ክኾነካ ከም ዝኽእል ድማ፡ ኣብ ግምት ምእታው ልቦና እዩ፡፡

ኣብ ስፖርታዊ ንጥፈታት ትሳተፍ እንተ ኾንካ፡ ምጽዋት ጥራይ እኹል ከም ዘይኮነ ይርደኣካ እዩ፡፡ ብተወፋይነት ተጻዊትካ ኣብ መወዳእታ ዓወት ከተመዝግብ ትጸበት ይግበረልካ እዩ፡፡ ካብ መጋጥምትኻ ንላዕሊ ዓወት ድሕሪ ምምዝጋብካ፡ ኣብ መጠረሽታ ዋንጫ ክትስዕም ሃረርታ ክህልወካ ኣለዎ፡፡

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ንገዛእ ርእስኻ ዘሰተፍካዮ ሞያ፡ ቀጻሊ ንገዛእ ርእስኻ ክትመጥጣ ከም ዘለካ ኩቶ ክትስሕቶ ኣይግባእን፡፡ ከምዚ ምስ እትገብር፡ ንሸኻን ሓሳባትካን ኣብ መጻኢ ጸቡቕ ዕድል ከም ዝህልወኩም ልዑል እምንቶ ክህልወካ ጸቡቕ እዩ፡፡

## ውዕዉዕ ስምዒት

ንዝኾነ እትጀምሮ ስራሕ ብውዕዉዕ ስምዒት ግጠሞ፡፡ እቶም ውዕዉዕ ስምዒት ዘለዎም ሰባት፡ ንስራሖም ካብ ፈለማ ክሳብ ዝዛዘምዎ ኣመና ንቑሓት እዮም ዝኾኑ፡፡ ንግሆ ንስራሕ ክወፍሩ እንከለዉን ካብ ስራሖም ክፍደሱ እንከለዉን፡ ኣብ ስምዒቶም ብዙሕ ለውጢ ኣይትርእየሎምን ኢኻ፡፡ ንስራሕ ዘለዎም ባህግን ተወፋይነትን ብምግላጽ ኣብ ገጾም እዩ ዝንበብ፡፡

ገለ ሰባት ኣብ ቅድሚ ካሜራን ድሕሪ ካሜራን ኣሰራርሓኦም ሃንበይቱ እዩ፡፡ ዕዉታት ሰባት ግዳ ንሕልናኦም ኣለም ወትሩ ጽፉፍን ስሉጥን ስራሕ እዮም ዘበርክቱ፡፡ ስራሖም ባዕሉ ኣፍ ኣውጺኡ ክዛረብ ይኽእል እዩ፡፡

ዕዉታት ሰባት ንገዛእ ርእሶም ከም ኣርኣያ ናይ ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ሰባት እዮም ዝጥምትዋ፡፡ ብውሕዱ ንደቆምን ደቂ ደቆምን ብኸመይ ኣብ ህይወት ክዕወቱ ከም ዝኽእሉ ጸቡቕ ኣርኣያ ክኾኑዎም ከም ዘለዎም ይሓስቡ፡፡

ኣብ ህይወት ንኽትዕወት ቀሊል ኣይኮነን፡፡ ሓንሳእ መንገዲ ዓወት እንተ ተታሓዚዝካዮ ቀሊል ክኾነልካ ይኽእል እዩ፡፡ እታ መሰረታዊ ነገር እምበኣር፡ ብኸመይ ምስ መንገዲ ዓወት ኣብ ፈለማ ትለማመድ እዩ፡፡ ሓንሳእ ኣብ እታ መንገዲ ምስ ኣተኻ፡ ንድሕሪት ክትጥምት ዘሕለፍ ምግቢ ኣየድልየን እዩ፡፡ በቲ ኣብ ቅድመኻ ዘሎ ክብጽሕ ዘይከኣል ዝመስል ነዊሕ መንገዲ እውን፡ ምድሃል ወይ ተስፋ ምቑራጽ ኣየድልየን እዩ፡፡ እዚ ናይ ሓበር ረቛሒ ናይ ኩሎም ዕዉታት ሰባት እዩ፡፡

ዕዉታት ሰባት ብጽሬት ስራሖም ኣብ ‘ጊነስ መዝገብ ክብሪ ወሰን’ ንኽምዝገቡ ዝውዳደሩ ዘለዉ እዮም ዝመስሉ፡፡ ዓማዊሎም ብቐሊል ለውጢ ከም ዘይገብሩ ኣዕሪዮም ይፈልጡ እዮም፡፡ ክንዲ ዝኾኑ፡ ቀጻሊ ኣብ ምምሕያሽ ኣገልግሎቶምን ፍርያቶምን ይጽመዱ፡፡

ዓወት ባዕሉ ዱብ ኢሉ ዝመጽኣካ ኣይኮነን፡፡ ዓወት ውጽኢት ናይ ዘይምሕላልን ምስ ግዜ እናተቐዳደምካ ስጉምቲ ምውሳድን እዩ፡፡ እቶም ዕድለኛታት ዝመስሉና ሰባት፡ ኣብርቲዖም ድሕሪ ምስራሖም እዮም፡ ምስ ዕድል ፊት ንፊት ኪጋጠሙ ዝኸኣሉ፡፡ ዝያዳ ስጉምቲ ብዝወሰድካዮ መጠን፡ ዕድልካ ዝያዳ ዝሰፍሐ ይኾነልካ፡፡

ዓወት ኣብ ውልቃዊ ህይወትካ ዘለዎ ኣገዳስነት እውን እምበረ መጠን ኣገዳሲ እዩ፡፡ ልዑል ርእሰ ተኣማንነት፡ ሰፊሕ ስእለ ኣእምሮ ከምኡ እውን ስምዒት ውሕስነት ንኽሰርጸካ ይሕግዘካ፡፡ ኣብ ርእሲ እዚ፡ ኣገዳስነት ኣበርክቶኻ ጉሊሑ ከም ዝረኣየካ ክገብር ይኽእል እዩ፡፡

ሓደ ሰብ ንገዛእ ርእሱ ከለጉስ ምስ ዝኽእል እዩ ንስድራ ቤቱን መቕርቡን ክሕግዝ ዝኽእል፡፡ ንዓወቱ ዝያዳ እንተ መጢጥዎ፡ ንህዝቡን ንሃገሩን ክኸውን ይኽእል፡፡ ብጾኡ ዓገቡ ካብ ተወሲኹ፡ ዓወታት ምምዝጋብ ደው እንተ ዘይኢሉ፡ ንዓለም ብዓለማ ዘዮርብሓሉ ምኽንያት እውን የለን፡፡



ኣብ ሞያኻ ዕዉት ክትከውን እንተ ዘይክኢልካ፡ ዘድልየካ ኣቕሓን ኣገልግሎትን ክትሽምት ክትጸገም ኢኻ፡፡ ኣብ ስራሕካ ዘድልዩኻ መሳለጥያታት ክትገዝእ እውን ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡ በዚ ኣቢሉ ኣብ ስራሕካ ወይ ሞያኻ ዝኣትወካ ሰለሎ ብቐሊሉ ዘይወጽእ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡

ገለ ሰባት፡ “ዓወት ኩሉ ነገር ኣይኮነን!” ክብሉ ይሰምዑ እዮም፡፡ ብርግጽ ዓወት ኩሉ ነገር ኣይኮነን፡፡ የግዳስ ንኣገዳስነት ዓወት ምንእኣስ ቅኑዕ ክኸውን ኣይክእልን እዩ፡፡ ሙብዛሕትኡ ግዜ እቶም ንዓወት ዘኣእሱ፡ እቶም ክዕወቱ እተጸገሙ እዮም፡፡ ንኽትረኽቦ ዘይከኣልካ ነገር ኩተኣእስ ምፍታን ኩኡ ኣብ ትዕዝብቲ ገዛእ ርእስኻን ካልኦት ሰባትን እዩ ዘእትወካ፡፡

ንሸኻ ክትጭብጦ እትደሊ ሸቶ እንታይ ምዃኑ ብዘየገድስ፡ ኣገዳስነት ዓወት እምብዛ ወሳኒ እዩ፡፡ ኣብ ስራሕካ ተገዳስነት ከተጉድል እንተለኻ፡ ምስ ዓወት ትረሓሓቕ ከም ዘለኻ ባዕሉ ኑብሸኻ እኳ ይነግረካ እዩ፡፡

እቶም ኣብ እተዋፈርዎ ስራሕ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ጥዕም-ግድፍ ዘበልዎ፡ ናይ ብሓቂ ዓቕሞም ክፈልጡ ዕድል ኣይረኸቡን እዮም፡፡ ከም ሳዕቤኑ፡ ካብ መንገዲ ዓወት ቀጻሊ ክፍንተቱ ይረኣዩ፡፡

ብመንጸሩ እቶም ኣብ ዝተዋፈርዎ ስራሕ ሃሮት ዝኾኑ ሰባት ግዱ ሙብዛሕትኡ እዋን ኣብ ሓጺር ግዜ ዓወት ይጉናጸፉ፡፡ ንሳቶም ብንእሽቶ ዓወት ኣይዓግቡን እዮም፡፡ ዝበለጸ ዓወት ንኽመዝግቡ ከይተሓለሉ ይጽዕሩ፡፡ ኑቲ ዝረኸብዎ ዓወት ብዘይኦኡ ስለ ዘስተማቕርዎ፡ ደጊሞም ዓወት ንኽመዝግቡ ዝያዳ ይድረኹ፡፡

ንዝጀመርካዮ ስራሕ ተቋርጾ ወይ ብፍሽለት ትዛዝሞ እንተ ኾንካ፡ ዋላ ሓደ ሰብ ካባኻ ጸቡቕ ክመሃር ኣይክእልን እዩ፡፡ የግዳስ ንፍሽለትካ ናብ ዓወትካ ክትልውጦ እንተ ኽኢልካ፡ ንሸኻን ካልኦትን ክመሃሩሉ ይኽእሉ እዮም፡፡

> “ኣነ ኣብ ዕድል ልዑል እምንቶ ዘለዎ ሰብ እየ፡ ዝያዳ ብዝተወፋይነት ብዝሰራሕክዎ መጠን ዝያዳ ዓወት እየ ዘጋጥመኒ።” - **ቶማስ ጀፈርሰን**
>
> “ካብ እቲ ዝበርናዮ ንላዕሊ ምስ እንመሓየሽ ኩሉ ኣብ ከባቢና ዝርከብ እውን ምስና ይመሓየሽ።” - **ፓውሎ ኮይሎ**

ይቕጽል

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ጆርናል

# ክኣምኖም'የ ግዲ

1 ታሕሳስ 2018 //ድባርዋ

ኣብ ስቱር ባዕቲ ናይቲ ጫካ እናኸኑ ዝኸይድ ዘሎ ጎቦ መኩነን'የ ዘለኹ። ስለምንታይ መጺአ ንጹር ምኽንያት ክህበኪ ዘይምኽኣለይ ንለዋህነተይ ርኢኺ ኣጸናንንዕኒ። ንሓደ ዘይተረድኣኒ ነገር ከሰላሰል እሞ፡ ኣለምሊመ ክጥቀመሉ ዘኽእለኒ ውሑድ ዕላል ምስ ውሽጠይ ከም ዘድልየኒ ኣሚነ ከም ዝተበገስኩ ግን እኣምን። ብዙሕ ግዜ ብዛዕባ መጻኢየይ ሓሲበ'የ፣ ብሕጂ'ውን ከም ዝሓስበሉ ርግጸኛ'የ። እቲ ክፈልጦ ዘሎኒ መርገጺየይ ግን መኣዝኑ እናኸወለ፡ ናይ ኣስተንታኒ ሕልሚ ቀይርኒ ኣሎ። ጉዕዞ ህይወት ባዕለይ እናመራሕኩ ብዘይ ጫለዳ ክምርሽ፣ ነቲ ኣብ ገለ እዋን ዝሕንገጠኒ ናይ ተስፋ ምቕራጽ ጋኔን፡ ዘይከም ዝሓለፈ እዋን፡ ክሳብ እታ ጉዕዞይ ዘዕርፈላ እናጸርኩዎ ክኸይድ ግዜኡ'ዩ መስለኒ። ክሳዕ መኣስ ዘልሓጥሓጥ እናበልኩ ንድሕረይ ከንኩራሩ? ክሳዕ መኣስ ኣብ ኢደይ ዘሎ ጭማራን ዋልታን ምርሳዕ? ነብሰይ "ናብዚ መመጺእኺ ኣብ ውሽጥኺ እተንሳፍፍዮ ሓያል መንፈስ፡ ገና ከይጠንከረ፡ ከም ተጃሃራይ ከቢድ ደበና ብዘይ ዝናብ ብንፋስ ዝብተን ትኾኒ። እቲ ኣብ ውሽጥኺ ዘንሳፍፍ ናይ ባህጊ ደበናታት ብደስታን ባህታን እንዶ ኣዝንብዮ።"



ሓሸካ ሓላሚ ኣይትበልኒ። ካብቲ ኣእላፍ ሕልምታተይ ጽባሕ ከም ኮኾብ ሰሚን ኣብ ወጋሕታ ክትርእይዮ ኢኺ። እዚ ትብዓተይ ግን ኣባይን ኣባኺን እንዶ'ሞ ኩይኑ። ኣነስ ኣብቲ ሜዳ ናይ ሕልምን ጋህድን፥ ንመንነተይ፡ ትብዓተይ፡ ፍርሐይ፡ ምንዮተይ፡ ሓቂነተይ፡ መትከለይ፣ ንኒያተይ ተቐኒትኪ ንጸጋታተይ ክትከላኸሊ ክትተባተቢ ክርእየኪ ምደለኹ። ገና ካብ ምትምናይ ዓዲ ኣይውዕልን'የ። በዚ ተኣሊሹ ዘይበልኩዎ ክንዲ ቀልዒ እትኸውን ተስፋ፡ ትንፋስ ባህግታተይ ትመልሶ'ሞ መሊሰ ንኽሓልም እቃለስ። ብዛዕባ ጽባሕ ኣብ ዝህሉ ሓሳባዊ ወግዒ ውሽጠይ ፍርሐይ ከይተፈለጠኒ ንላዕሊ ይብርኽ። ንፍርሐይ ብትብዓት ከይለወጥኩ ዘህድኣኒ ናእሽቱ ነገራት እመርጽ። ትብዓተይ ክህነጽ ኣብ ዘይክእለሉ ምስ በጻሕኩ፡ ከም ከሳስን ፈራድን ኩይኑ ንሕመቐይ፡ ንኻልእ ከጸግዕን ክጸልእን ይጅምር። እተን ናተይ ዝብለን ዝነበራኒ ቍንጣሮ ከኣ ከም ኣብ ንፋስ ዘሎዎ ዓውዲ እተዘርዋ ንደሮና ይኹና። ዝን ክብል፡ ክንጸርጽር፡ ዓቕሊ እንጣጢዕ ክኸውን ግዜ ኣይወስደለይን። ነተን ኣብ ዓምዲ ሕብራዊ ብርዒ ዘንበብኩወን'ሞ ንዓመታት ምሳይ ዘሎዋ ክልተ ዝዓይነተን እንቍርዖብ ዘኪረ ነብሰይ ኣቢደ፡ ጸግዒ ናይታ ብልጽቲ እኸውን። ነብሰይ ቀልጢፋ ክትተዓሻሾ ከላ ከኣ ከም ድላየይ ብሰሓቕ ክርትም እብል። እታ ዛንታ፥

"ሓደ ግዜ ብዙሓት ናእሽቱ እንቍርዖባት ተሰሪዐን ነበራ። መአከቢአን ከኣ ንሓደ ነዊሕ ህንጻ ንምሕኳር ነበረ። ነቲ ውድድር ንምዕዛብ ድማ ብዙሕ ተዓዛቢ ተኣኪቡ ነበረ። ፊስካ ተነፊሑ፡ ውድድር ተጀመረ። ግደ ሓቂ ግና እዘን ናእሽቱ እንቍርዖብ ነዚ ዓቢ ህንጻ ክሓኽሮኦ ይኽእላ እየን ኢሉ ዝኣመነ ኣይነበረን። ስለዝኾነ፡ ሓያሎ ዘረባታት ይዝረብ ነበረ።

"ው! ከቢድ'ዩ!"

"ዋእ! ኣይድይቦኦን እየን።"

"ዝዕወት የለን! እዚ ህንጻ ነዊሕ እዩ።"

ነቲ ዝዝረብ ዝነበረ ዘረባታት ዘሰምዓ ዝነበራ እንቍርዖብ በብሓደ ክወድቃ ጀመራ። ገለ ውሑዳት ግን ቀጸላ። እቶም ተዓዘብቲ፡ "ቀሊል መኣስ ኩይኑ? እትድይቦ የላን!" ይብሉ ነበሩ። ሓያሎ ካብተን ተሪፈን ዝነበራ ተስፋ ቀቢጸን ኣቋረጻ። ሓንቲ እንቍርዖብ ግን ብብርቱዕ ጻዕሪ ኣብ ላዕሊ በጽሐት። ኵለን እተን እንቍርዖባት ተገሪማ'ሞ፡ ከመይ ኢላ ከም ዝሓኾረቶ ክፈልጣ ተሃንጠያ። እቶም ነቲ ውድድር ዝሰርዑ ከኣ ነቲ ሕቶ ኣቕረቡላ። እታ እንቍርዖብ ቀ́ሊሕ ኣይበለትን - ጸማም እያ ዝነበረት። እቲ ተስፋ ዘቍርጽ ዘረባ ሰሚዓቶ እንተ ትነብር ከምተን ብጾታ ኣብቲ ዕላማኣ ከይበጽሐት ምተኹልፈት ነይራ።"

ካብ ተዘክሮይ ምስ ተመለስኩ፡ "በቃ ንድሕሪት ግልጽ ምባል የለን። ኣብቲ ናተይ ሓዲድ ዘየለ፡ ብዛዕባ ጉዕዞይ ዝበለ እንተ በለ እዝኒ ኣይህቦን። ንምብራቕ ዘብረቑ ሕልሚታተይ ኣብ ቅድመይ ተኺሉ፡ ከም ጋሻ ዘይኩንኩስ ከም ዋና ክበጽሖም ጋንጽላይ ናብኦም ክዝርግሕ'የ፡" እናበልኩ'የ ዘዋግዕ። ናይ ሎሚ ግን ሕልፊ ዘሎዋ ኩይኑ ይስምዓኒ ኣሎ። ኣንቲ ዳየረይ ሎምስ ስምዒታተይ ክኣምኖም'የ ግዲ! ይግበረለይ።

እዮቤድ ተስፋብሩኽ

## ምስ ሕሉፋ

31 ታሕሳስ 2025 12፡02 ድ.ቐ.

ዳየረይ ከመይ ውዒልኪ? ኵሉ ሰብ ተፈዲሱ፡ ኣነን ንስኽን ጥራይ ኣብ ቦታ ስራሕ ኣለና። ከዘኻኽረኪ፡ ሎሚ ድሮ ሓድሽ ዓመት'ዩ፣ ኵሉ ሰብ፡ ነዚ በዓል ብደስታ ንምቕባል ኣከይዳኡ ድሕሪ ቀትሪ ዝምለስ ኣይመስልን።

ኣነ ግን ዘይቈረስኩ'ኳ እንታይ ከም ዝምሳሕ'ውን ኣይፈለጥኩን። ምኳን ይኣኽለኒ፣ ንሎሚ ጥራይ ደኣ ይግበረለይ እምበር ንብዓት እንድየ ዝበልዕ ዘለኹ። ከመይ ኣቢሉኽ መግቢ ክወርደለይ። እንታይ እየ ግን ዝኸውን ዘለኹ! ንብዓት ዝመልሶ ነገርከ እንታይ ኣሎ እዩ? ኣጆኺ'ባ በልኒ መማኽርተይ። ምፍልላይ እታ መሬት ከም ኣፍ ዕንቍ እናጸበበታ ምስ ሞት ተፋጢጣ ዘወለደትን ኵሉንተናኣ ወፍያ ሓብሒባ ዘዕበየትን ኣደ'ውን እኮ ይቕበጽዩ። ንተስፋን ቅብጸትን ከሳሲ ግዜ ነዊሑ፡ ንምንታይ እየ ኣብ ዘይኩነለይ ነገር ሸንኩለል ዝብል ዘለኹ?

ገለ'ባ በልኒ፣ ምቕባጹ ድየ ስኢነ። ብምልኣት ዘፍቀረ ሰብ፡ ብይቕሬታ ዘይትምለስ ልቢ ይውንን ድዩ? ደሓር ከኣ ስነ-ስርዓት ዝመበገሲኡ ስክፍታን ሕፍረትን ዘሎዎ ባህሪ ምህላው፡ ከም በዳሊ የቕጽረካ ድዩ? ወይ'ውን ከምቲ ዝሰማዕኩዎ እዩ፤ "ሰባት ካባኻ ክርሕቁ እንተ ደኣ ደልዮም፡ ንንእሽቶ ጌጋኻ እዮም ዘግዝፉዋ። ብዘይ መመኽነይታ ምፍልላይ ስለ ዘሰክፎም፡ ኣብ ዝወድኡዎ ንምኽኒት እትኾኖም ጌጋ ሃሰው ክብሉልካ ይውዕሉ።" ነዚ ኣጋጢሙኒ ዘሎ ዝተባህለ ይመስል። እንታይዶ በዲለ እየ? ምናልባት ግን ሓደ ዘይተረዳእኩዎ ነገር ክህሉወኒ ይኽእል ይኸውን።፡ብሃይማኖት ይኹን ብሕጊ፡ ጌጋን ነውርን ዋላ ይኹን፡ ሰብ ኣብ ዘዝኣምነሉ ቅኑዕ ከም ዝመስሎ ዘይምፍላጥ።

ክሓይሽ እናበልኩ፡ ክሳብ መዓስ ኣብ መግዛእቲ ደበንገረ ፍቕሪ? በቃ! ይኣኽለኒ ሕጂ ዳየረይ። ዝተፈራረቐ ስምዒት ጸይረ ናብዛ ሓዳስ ዓመት ክሕወስ ኣይደልን። ብምሉእ ልብኻ ትጽቢት ዘንበርካሉ ነገር ክዓንወካ ከሎ እምብዛ ከቢድ'ዩ። ግን 'ካብ መቕርብ መን ይቐርብ' ዝብሃል ምስላ ኣሎ። ፈጣሪ እውን'ኮ፡ "ከም ነፍስኻ ኣፍቅር" እዩ ዝበለ፣ ንህይወተይ ክሓይሽ ክቕበሎ እየ።



ምቕባል ክበሃል ከሎ ክልተ ገጻት እዩ፣ ሰናይን ደስ ዘብልን ኩይኑ ዘሕጉሰካ ነገራት ብሃረርታ ምቕባልን ክትቅይሮ ዘይከኣል ነገር ምስ ዘጋጥም'ሞ ዕድል እንተ ገይርካ ስንብራት ዘይሓድግ ከይፈተኻ ትቕበሎ ነገርን እዩ።

ኣብ ውሽጠይ ኣዕሚቑ ዘጽደቕኩዎ ፍቕሪ፡ ተማሒዩ ክወጽእ እንክሎ ንልበይ በሳሲዑዋ ስለ ዝኸይድ፡ መሪር ቃንዛ ክፈጥረላ እዩ። ኣብቲ ሃጓፉ ዝመልእ ተስፋን እምነትን እምበር፡ ንጽልእን ንቂምታን ሰፈር ከም ዘይብላ ግን ርግጸኛ እየ። ምኽንያቱ፡ ፍቕሪ እዩ ነይሩዋ፣ ፍቕሪ ድማ ኣይትቕየምን'ያ።

ዳየረይ፡ ድሕሪ ሕጂ ኣይነብዕን እየ። ሕሉፍ ምስ ሕሉፉ ይኺድ! ርሑስ ሓዱሽ ዓመት ይግበረልና! ብዝሒ ዘመናቱ ብዘየገድስ፡ ትርጉም ክብን ለጠቕን ጉዕዞ ህይወት ከረድእ ግዜ'ውን ምእንቲ ርእሱ ሓደ ይብል ኣሎ። ደስታ ብዝመለኦ ሓድሽ መንፈስ ሓደ ንበል። እንቋዕ ኣይበደልኩ!

ሰብሪ

## ሚቺሂኮ ሃቺያ ነባሪ ሆረሺማ



ክንወጽእ ክንጉም ጀሚርና፣ ዕስራ ሰላሳ ስጉምትታት ምስ ከድኩ፡ ደው ክብል ነይሩኒ። ትንፋስ እናሻዕ ይሓጽረኒ፣ ልበይ ህርመታ ይንህር፣ ከምኡ'ውን ኣብራኸይ ይጠልማኒ ነበራ። ምሉእ ብምሉእ ክቋጸረኒ ዝጓየ ዝነበረ ጽምኢ ጽቡቕ ገይሩ ሓዘኒ። ን'ያየኮ-ሳን' ማይ ክትረኽበላ እልምና ነበርኩ። ማይ ግን ብቐረባ ክርከብ ኣሸጋሪ ነበረ። ድሕሪ ገለ ደቓይቕ ዕረፍቲ፡ ቍሩብ ሓይሊ ረኺብኩ'ሞ ጉዕዞና ክንቅጽል ከኣልና።

ገና ብዕራቐይ'ኳ እንተ ነበርኩ፡ ቅንጣብ ሕፍረት ይስምዓኒ ኣይነበረን። ግፍዒ ጥርሐይ ኣውጺኡኒ ከም ዘሎ ክሳብ ዝርስዕ ተረቢሸ ነበርኩ። ናብ ሆስፒታል ኢና ንኸይድ ዝነበርና። ጉዕዞና ብቐስታ ነበረ። መገዲና ክንቅጽል ብርቱዕ ድልየትን ህንጡይነትን ነበረኒ። መወዳእታኡ ኣብ ነብሰይ ዝነቐጸ ደም ምንቅስቓስ ከልኣኒ፡ ኣእጋረይ ነብሰይ ምስካም ኣበያ። ብዓልቲቤተይ ንባዕላ ብሕማቕ ተሃሪማ ነበረት። "በቃ ንስኺ ቀጽሊ፡" ብምባል ዘልሓጥኩ። ንሳ ክትሰምዓኒ ኣይደለየትን፣ ግን እንታይ ምርጫ ነበረና? ንሳ ክትቅጽል እሞ ሓገዝ ረኺባ ክትምለሰኒ ጥራይ'ዩ ዝነበረ።

***

*ብ6 ጥቅምቲ 1945 ኣቶማዊ ቦምባ ኣብ ማእከል ከተማ ሆረሺማ ምስ ዓለበ፡ ንሓደ ርብዒ ናይ ተቐማጢኣ ክቐዝፎም እንከሎ፡ እቲ ሓደገኛ ጨረርታ ሳዕቤና ዝበኣሰ ኩይኑ ቀጸለ። እቲ ኣቶማዊ ቦምባ ነታ ከተማ ክሃርም እንከሎ፡ ሚቺሂኮ ሃቺያ ዝተባህለ ሰራሕተኛ ሆስፒታል፡ ካብቲ ቦምባ ዝዓለበሉ ቦታ ሓደ ኪሎ ሜትሮን ፈረቓን ርሒቑ ኣብ ገዛኡ ተጋዲሙ ነበረ። ሓይሊ ናይቲ ቦምባ ንኽዳኑን የማናይ ወገን ኣካሉን ቀዳዲዱ ኣንደዶ። እዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ዳየሪ፡ ካብቲ ናይታ መዓልቲ ምስክርነቱ ዝሓዘ ዳየሪኡ ብ1955 ዝሕተሞ'ዩ። ሚቺሂኮን ብዓልቲቤቱን ካብቲ ህልቂት ብዕድል ካብ ዝወጹ እዮም።*

listverse.com

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ቸልሲ ንሮዘንዮር ሸይማቶ

ቸልሲ ንዓሳሚ ክሉብ ስትራስበርግ ሊያም ሮዘንዮር፡ ኣሰልጣኒኣ ክኸውን ሸይማቶ።

እዚ ወዲ 41 ዓመት እንግሊዛዊ ውዕሉ ክሳብ 2032 ዝጸንሕ ኮይኑ፡ ነቲ ኣብ ሓድሽ ዓመት ዝወጸ ኤንዞ ማሬስካ ተኪኡ ንሸዱሽተ ዓመትን ፈረቓን ክኣልዮ’ዩ።

ሮዘንዮር፡ “ኣሰልጣኒ ክሉብ ከዕባ እግሪ ቸልሲ ኮይነ ምሻመይ ክብሪ’ዩ። እዚ ሓላፍነት እዚ ክወሃበኒ ንዓይ ዓለም’ዩ። ዚ ዕድል’ዚ ንዘለኩምን እምነት ዝዘነበሩለይን ድማ ንኹሉም ከመስግኖም እደሊ። እዛ ክሉብ ዝግቡኣ ዓወት ንምምጻእ ኩሉ ክሁብ’የ” ኢሉ።

ሮዘንዮር፡ “ቸልሲ ዕውትቲ ሻምፕዮን ዋንጫ ዓለም ክለብት’ያ። ዚ ዝተውሃበኒ ዕድል ክዐጽን ድማ ዘይሕሱብ’ዩ” ኢሉ።

ስትራስበርግ ኣካል ናይቲ ብቶድ ቦሊይን ክለርሌክ ካፒታልን ዝውሃን ‘ብሉኮ’ - ብዙሕ



ክለባት ዝውንን ጉጅለ ኮይኑ፡ ንቸልሲ’ውን ይቆጻጸራ’ዩ።

ተሓጋጊዚ ዋና ኣሰልጣኒ ክሉብ ስትራስበርግን ካልኦት መሳርሕቱን፡ ጃስቲን ዎከርን ሓላፊ ትንተና ቤን ዋርነርን ኣብ ስታምፎርድ ብሪጅ ክጽንበሩዎ ምዃናም ሮዘንዮር ገሊጹ።

ሮዘንዮር ኣብ ሓምለ 2024 ብስትራስበርግ ዝተመዝዘ ኣሰልጣኒ ኮይኑ፡ ዝሓለፈ ዓመት እታ ፈረንሳዊት ክሉብ ኣብ ሊግ ሓደ መበል ሻብዓይ ተርታ ሒዛ ነይራ።

ናይ መወዳእታ ግጥሙ ብሰንበት ኣብ ኒስ 1ብ1 ዝተፈላለየሉ ወጽኢት ኮይኑ፡ ኣብ ናይ ሊግ ጸወታታት ንሓሙሻይ ግዜኡ ብዘይዓወት ወጺኡ። ኣብ ኮንፈረንስ ሊግ ድማ ኣብ ቅድሚት ትርከብ።

ሮዘንዮር፡ “እዘን ዝሓለፋ 18 ኣዋርሕ ኣብ ሂወተይ ዝበለጻን’የን ነይረን። ኣነ ኣብዚ ዘለኹ ብዝሰባ እዛ ክሉብ (ስትራስበርግ) ስለዘደሰኒ’ዩ፡ ዝሓሸን ዝበለጸን ኩነታት ንምፍጣር’ዩ። ዛ ክሉብ ምሉእ ዕድመይ ክፈትዋ’የ። ደስ’ው እንተዘይብለውን ዚ ዕድል ኣይምተቐበልኩዎን። ክትዓጸግን ዘይትኽእል ክለባት ኣለዋ። ደገፍቲ ስትራስበርግ ዚ ዕብየት ክርእዩን ብእኡ ክዖግቡን ተሰፋ እገብር። ካብ ብዙሓት ክለባት ተጉዳስነት ረኺበ’ዩ እንተላይ ካብ ክለባት ሻምፕዮንስ ሊግ” ኢሉ።

ተኸላኻላይ ፋልሃምን ሃል ሲቲን ነበር ሮዘንዮር ኣብ ፕሪመር ሊግ ኣሰልጣኒ ምዃን ናይ መጀመርያ ተመክሮኡ’ዩ።

ቸልሲ ኣብ ፕሪመር ሊግ ኣብ ሓምሻይ ደረጃ ክትሰርዕ ከላ፡ ሎሚ ረቡዕ ኣብ ክራቨን ኮቴጅ ምስ ፋልሃም ክትገጥም’ያ።

## ሮናልዶ - ኣልነስር ንኣንቶንዮ ሩዲገር ክተምጽኦ ይደፋፍኣ



ክርስትያኖ ሮናልዶ ንሰዑዳዊት ክሉብ ኣልነስር ንተጻዋታይ ርያል ማድሪድ ኣንቶኛዮ ሩዲገር፡ ናብ መሳርዓ ክትጥርኖፎ ብተደጋጋሚ ይደፋፍኣ’ሎ። እዚ ምኩር ጀርመናዊ ተኸላኻላይ፡ ኣብ ሳንትያጎ በርናቡ ዝነበሮ ውዕሉ ኣብ ክረምቲ 2026 ክዛዘም’ዩ። ናይ ምንዋሕ ስምምዕ እንተዘየካይዱ።



ሮናልዶ ዚ ኣጥቃዓይ ቸልሲ ነበር፡ ኣብ ስዑዲ ፕሮ ሊግ ክጽንበሮ ከም ዝደሊ ክዛረብ ጸኒሑ’ዩ።

ሩዲገር ዚ ምኽሪት ብምግባር፡ ካብ ሰዓኛ ወጻኢ ምስ ዝኾነት ክሉብ ኣብ ስምምዕ ክኣቱ ናጻ ከምዝኾነ ይሕብር። ኣልነስር ድማ ንምፍራሙ ዕቱብ መስርሕ ከተካይድ ምድላዋት ትገብር። እንተ’ቲ ኣብ ማድሪድ ክጸንሖ ዝኽእል ውዕል ናይ ምሕዳስ ዘተ ወጽኢት ከምዘይተረኽቦ ይንገር።

ተጉዳስነት ብዙሓት ክለባት ረኺቡ ከምዝሎ ዝነገረሉ ሩዲገር፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዝርከብ ዓበይቲ ወጻኢታት ዝዑብራ ክለባት እውን ኣካል ናይቲ ውድድር ኮይነን ኣለዋ።

ማድሪድ ኣብ መስርሕ ምስጋጋር ተኸላኸልቲ ኣተኩራ ትሰርሕ ብምህላዋ፡ ክትለቆ ፍቓደኛ ምዃና ይንገር።

። ሩዲገር ኣብ ወርሒ መጋቢት 33 ዓመት ክመልእ’ዩ።

## ጽንጽንታ መስርሕ ምስግጋር......

**ማንቸስተር ዩናይትድ**

ማን.ዩናይትድ ንሩበን ኣሞሪም ካብ ስርሑ ብምስጓጉ ነቲ ብልቓሕ ኣብ ባርሴሎና ዝጸንሐ ወዲ 28 ዓመት ኣጥቃዓይ እንግሊዛዊ ማርከስ ራሽፎርድ ናብ ኦልድትራፎርድ ንምምላስ መንገዲ ክትጸርገሉ ተኽእሎ ኣሎ።

ኣከፋሲ እንግሊዛዊ ካብ ማይናዊ ኣጥቃዓይ ሆላንድ ጆሽዋ ዘርክዚን ኣከፋሲ ኡራጓዊ ማኑኤል ኡጋርተን፡ ኣሞሪም እንተዝጸንሕ ኣብ ወርሒ ጥሪ ካብ ማንዩናይትድ ክወጹ ይኽእሉ ከምዝነበሩ ይንገር።

ኦሊቨር ግላስነር ንኣሞሪም ንምትካእ ዝለዓለ ዕላማ ማን.ዩናይትድ ክኸውን ተኽእሎ ኣሎ። እዚ ወዲ 51 ዓመት ኦስትርያዊ በታ ክሉብ ዓቢ ኣድናቖት ተዋሂቡሉ ዘሎ ኮይኑ፡ ውዕሉ ምስ ክሪስታል ፓላስ ኣብ ክረምቲ ክዛዘም’ዩ።

**ፋልሃም**

ንፖርቱጋላዊ ኣሰልጣኒኣ ማርኮ ሰልቫ ንማን.ዩናይትድ ክተረክብ ትዳለ።

**ጁቬንቱስ**

ምስ ሊቨርፑል ብልቓሕ ንዘሰጋገሮ ፈደሪኮ ኪዬሳ ንምምላስ ኣብ ዝርርብ ትርከብ። እዚ ወዲ 28 ዓመት ኢጣልያዊ ኣጥቃዓይ ናብታ ኣብ ዓመተ-ጸወታ 2022/24 ዝተጻወተላ ሰራሕቲ ክለቡ ንምምላስ ማዕጾ ክፉት ኮይኑ’ሎ።

**ቦሩስያ ዶርትሙንድ**

ንናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ክሉብ ሽቱትጋርት ጀርመናዊ ጀሚ ለወሊን ከም መተካእታ ናይ’ቲ ናብ ማንሲቲ ንምስግጋር ዝዳሎ ዘሎ፡ ጋናዊ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ኣንቶን ሶሚኖ፡ 40 ሚልዮን ኤሮ ክትከፍል ተዳልያ’ኳ እንተሃለወት፡ እታ ብንደስሊጋዊት ክሉብ ግን ነቲ ቦርንማውዚ ዘቕረበትላ ዕድመ ነጺጋቶ።

**ቸልሲ**

ንወዲ 20 ዓመት ጀርሚ ጃኬት ካብ ክሉብ ሬንስ ከተፈርም እንተኾይና ቅልጡፍ ስጉምቲ ክትወስድ ክትግደድ’ያ። እቲ ምንታይ ሊቨርፑል፡ ኣርሰናል፡ ርያል ማድሪድን ማን.ዩናይትድን ኣብ ልዕሊ እዚ ፈረንሳዊ ተኸላኻላይ ኣድህቦ ኣገበረን ይርከባ።

**ባርሴሎና**

ንተኸላኻላይ ኣልሂላል ፖርቱጋላዊ ጃኦ ካንቸሎ ብልቓሕ ክትወስዶም ሕቶ ኣቕሪባ’ላ። ኢንተር ሚላን ኣብ ልዕሊኡ ትገዝምቢ’ላ።

**ኖቲንግሃም**

ሓላፊ ከዕባ እግሪ ኖቲንግሃም ኤዱ፡ ዕማርግር ዝመልኦ ዓመተ-ጸወታ ተጋጽበርቅ ኣብ ዘላትሉ ህሞት፡ ነቲ ንዊሕ መጻኢኡ ዝኸተሞ ስርሑ ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእቱ ክስተት ኮይንዎ’ሎ።

**ክሪስታል ፓላስ**

ንዌስትሃም ብምውድዳር፡ ንኖርወያዊ ኣጥቃዓይ ጆርጀን ስትራንድ ላርሰን ካብ ዎልቭስ ከተፈርም ትጃ’ላ።

ኣጥቃዓይ እንግሊዛዊ ሮማን ኤሱ ዝተረፈ ናይዚ ዓመተ-ጸወታ ብልቓሕ ምስ ኮቨንትሪ ሲቲ ከሕልፎ ምዃኑ ተፈሊጡ።

**ዌስትሃም**

ወዲ 33 ዓመት ኣጥቃዓይ እንግሊዛዊ ካሉም ዊልሰን፡ ድሕሪ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ጥራይ ምጽንሑ ኣብታ ክሉብ ውዕሉ ክበቅዕ ኣብ ዝርርብ ይርከብ።

**ዎልቭስ**

ኣሰልጣኒ ዎልቭስ ነበር ጋሪ ኦኒል ኣሰልጣኒ ስትራስበርግ ንምዃን ዝርርብ የካይድ ኣሎ።

## ዌስትሃም ውዕል ዊልሶን ንምስራዝ ኣብ ዝርርብ.....

ዌስትሃም ምስ ኣጥቃዓይ ካሉም ዊልሶን ዝበሮ ውዕሉ ንምፍራስ ኣብ ስምምዕ ክትበጽሕ ከምዝተቓረበት ተሓቢሩ።

ዊልሰን ኣብዚ ክረምቲ ብናጻ ምስግጋር ናብ ዌስትሃም ዝተጸንበረ ኮይኑ፡ ኣብ 18 ዝተሳተፈን ጸወታታት ኣርባዕተ ሸቶታት ኣመዝጊቡ።

ይኹን እምበር፡ ኣብዚ ወርሒ ድሕሪ ምምጻእ ኣጥቃዓይ ፓብሎ ፈሊፐን ታቲ ካስተላኖስን ናይ ቀዳማይ ተሰላፋይ ዕድሉ ክድረት’ዩ።

እዚ ወዲ 33 ዓመት ተጻዋታይ ምሕር ናይ ቀዋሚ ተሰላፋይ ባህጊ ዘለዎ ብምዃኑ፡ ምምጽእ ናይዞም ተጻወትቲ ኣሉታዊ ጽልዎ ከሕድረሉ ከምዘኽእል እዩ ዝሕብር። ከም ወጽኢቱ ድማ ካብታ ክሉብ ክወጽእ ከምዝወሰነ ተፈሊጡ ኣሎ። ንዝተርፎ ናይ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ውዕሉ ንምስራዝ ተቓሪቡ ምህላዉ’ውን ምንጭታት ይሕብሩ።



ዓሳሚ ዌስትሃም ኑኖ ኢስፒሪቶ ሳንቶ፡ ብወገኑ፡ “ኣሃን ካሉምን ብዙሕ ዕላል ኣካይድና ኢና። ልክዕ’ዩ ክልተ ኣጥቃዕቲ ጸንበርና ኢና። እዞም ኣጥቃዕቲ ክመጽኡ ውሳኔይ’ዩ ነይሩ። ካሉም ኣዝዩ ምኩር ሰብ’ዩ፡ መርጸኡ ከም ዝተቐየረ ግን ይፈልጥ’ዩ። ግን ሕጂ’ውን ተጻዋታይ ናይታ ክሉብ እዩ። ሕጂ’ውን ምናልባት የድልየና ይኸውን። ኣብ ውሳኔኡ ክንኣቱ ግን ክንግደድ ኢና” ኢሉ።

## ኤንድሪክ “ካርሎ ኣንቸሎቲ ካብ ሪያል ማድሪድ ክወጽእ መኺሩኒ!”

ብራዚላዊ ተጻዋታይ ኤንድሪክ፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ ብልቓሕ ናብ ሊዮን ዝበአዘሉ ብምኽሪ ካርሎ ኣንቸሎቲ ምዃኑ ሓቢሩ ።



እዚ ወዲ 19 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ቅድሚ ዋንጫ ዓለም 2026 ንዕብየቱ ንምሕጋዝ ኣብ ካልእ ክለባት ሰሩዕ ናይ ምስላፍ ዕድላት ክናዲ ካርሎ ኣንቸሎቲ ከምዝተማሕጸኖ ገሊጹ።

እዚ ኣጥቃዓይ ሱሩይ ናብ ሊዮን ብልቓሕ ብምጽንባር ብዙሓ ናይ ቀረባ መጻኢኡ መኽተምታ ገይሩሉ ኣሎ።

ኣብዚ ዓመተ-ጸወታ፡ ኣብ ትሕቲ ሓድሽ ኣሰልጣኒ ዣቢ ኣሎንሶ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሻምፕዮንስ ሊግን ላሊጋን ሓንሳብ ጥራይ’ዩ ተሳቲፉ፡ ንግዚኡ ካብ ጸወታ ክእለ ተወሲኑሉ።

እንተኾነ እቲ ዝዓበየ ምኽሪ ካብ ሓለፍቲ ክለቡ ዘይተዋሃበ ካብ ኣሰልጣኒኡ ነበር፡ ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታኡን ኣንቸሎቲ ዝመጸ’ዩ።

ኤንድሪክ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ “ምስ ካርሎ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ተዛሪበ’የ። ብዛዕባ ብቕዓተይ ንምግዕብራቕ ክዝብር ዝኽእል መገዲ ኣረዲኡኒ፡ ናይ ብሓቂ ማሰጡኒ። ካብ ማድሪድ ወጺአ ምስ ካልእ ክጻወትን ብቕዓተይ ከማዕብልን እዩ መኺሩኒ። እቲ ውሳኔ ናተይ’ዩ። ይኹን እምበር ሓሳብ ኣብ ምቕራብ ኣስተዋጽኦ ካርሎ’ዩ። እቲ ዝበለጸ ኣሰልጣኒ ስለዝኾነ” ኢሉ።

## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

ፕሪመር ሊግ (መበል 21 ጸወታ)

ክሪስታል ፓላስ - ኣስቶን ቪላ 10:30 ድ.ቀ.

ፋልሃም - ቸልሲ 10:30 ድ.ቀ.

ብረንትፎርድ - ሳንደርላንድ 10:30 ድ.ቀ.

ቦርንማውዝ - ቶተንሃም 10:30 ድ.ቀ.

በርንሊይ - ማን.ዩናይትድ 11:15 ድ.ቀ.

ኒውካስል - ሊድስ ዩናይትድ 11:15 ድ.ቀ.

ሰሪ ኣ (መበል 19 ጸወታ)

ናፖሊ - ቬሮና 8:30 ድ.ቀ.

ኢንተር - ፓርማ 10:45 ድ.ቀ.

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ብሪጣንያ፡ ንውጥን ኣመሪካ ኣብ ግሪንላንድ ኮኒናቶ

ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኬር ስታመር፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ኒታ ኣካል ዴንማርክ ዝኾነት ርእሰ ምምሕዳራዊት ደሴት ግሪንላንድ ንምዕዳግ ዘርእዮ ዘሎ ተገዳስነት ብትሪ ከም ዘቃወሞ ኣፍሊጡ፡፡

ስታመር ኣዚ ዝበሎ፡ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ዴንማርክ ሜት ፍረደሪክሰን፡ ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ኣባል ሃገራት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ዝኾነት ዴንማርክ ዝጉብሮ ዘሎ ምፍርራሕ ከቋርጽ ድሕሪ ምሕታቱ እዩ፡፡

ስታመር ንቴለቪዥን 'ስካይ ኒውስ' ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ መጻኢ ግሪንላንድ ብመንግስቲ ዴንማርክ ጥራይ ከም ዝውሰን ብምሕባር፡ ንፍረደሪክሰን ዘለዎ



ደገፍ ኣረጋጊጹ፡፡

ጸሓፊት ጉዳያት ወጻኢ ብሪጣንያ ኢቨት ኩፐር ድማ ንብይቶ ተወኪላቲ ህዝቢ ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፡ "መጻኢ ግሪንላንድ ናይ ግሪንላንዳውያንን ደንማርካውያንን ጉዳይ'ዩ፡ ንኻልእ ወገን ዝምልከት ጉዳይ ኣይኮነን" ብምባል፡ ብሪጣንያ ኣብ ጉዳይ ጸጥታ ምስ ዴንማርክ ብቐረባ ክትሰርሕ ምዃና ሓቢራ፡፡

ትራምፕ፡ ሃገሩ ኒታ ኣብ ኣርክቲክ እትርከብ ዓባይ ደሴት፡ ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣኣ ኣብ ግምት ብምእታው ክትቆጻጸራ ከም ዝደሊ ብተደጋጋሚ ክትብር ጸኒሑ እዩ፡፡

እቲ ፕረዚደንት ዝሓለፈ ሰንበት ምስ 'ዘ ኣትላንቲክ' ዝተባህለት መጽሔት ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕትት፡ ኒቲ ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ ምስ ሓይሊ ባሕሪ ሩሲያን ቻይናን ዘለዎ ውድድር ብምጥቃስ፡ "ግሪንላንድ ተድልየና እያ" ኢሉ፡፡

ትራምፕ፡ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ እውን ኣመሪካ ንካናዳ ምስኣ ክትጸንበራን ንመትረብ ፓናማ ድማ ዳግማይ ክትቆጻጸሮን ከም ዘለዋ ገሊጹ ነይሩ እዩ፡፡

## ኮሎምብያ፡ ስደተኛታት ቬንዙዌላ ንምቕባል ትዳሎ

ኮሎምብያ፡ ኣመሪካ ኣብ ቬንዙዌላ ዘካየደቶ መጥቃዕትን ምጭዋይ ፕረዚደንት ኒኮላስ ማዱሮን ሰዒቡ ክመጽእ ንዝኽእል ዋሕዚ ስደተኛታት ትዳለወሉ ከም ዘላ ኣፍሊጣ፡፡

ሚኒስተር ምክልኻል ኮሎምብያ ፔድሮ ሳንቸዝ ሃገሩ ጸጥታኣ ንምውሓስ 30 ሽሕ ወተሃደራት ናብ ዶብ ቬንዙዌላ ከም እትልእኽ፡ ንስደተኛታት ንምድጋፍ ከኣ ህጹጽ ስጉምትታት ክትወስድ ምዃናን ሓቢሩ፡፡

ሳንቸዝ፡ ሓይልታት ጸጥታ፡ ካብ'ቶም ንዓመታት ኣብ ቬንዙዌላ ክንቀሳቐሱ ዝጸንሑ ዕጡቓት ተቓወምቲ ጉጅለታት መንግስቲ ኮሎምብያ ዝኾኑ 'ኢ.ኤል.ኤን'፡ 'ሰጉንዳ ማርኬታልያን' ወይ 'ካልኣይ ማርኬታልያን' ክፍጸም ንዝኽእል ዝኾነ መጥቃዕቲ ንምክልኻል ኣብ ተጠንቀቕ ከም ዘለዉ ኣብሪሁ፡፡

ምስ ምእላይ ማዱሮ ካብ ስልጣኑ ኣባላት ሰሊያ ኮሎምብያ ኣብ ቬንዙዌላ ድሕሪኡ ኣብ ሓደጋ ክወድቕ ስለ ዝኽእል፡ መራሕቲ ዕጡቓት ጉጅለታት ክምለሱ ከም ዝኽእሉ'ዩ መንግስቲ ኮሎምብያ ዘረድኤ፡፡




ሰለስተ ሚልዮን ቬንዙዌላውያን ስደተኛታት ዝዕቁላ ኮሎምብያ፡ ሕጂውን ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ካልኦት ዶብ ተሳጊሮም ክኣትዉ ስክፍታ ኣለዋ፡፡

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣመሪካ ንፕረዚደንት ቬንዙዌላ ኒኮላስ ማዱሮን ብዓልቲ ቤቱን ብምጭዋያ፡ መሻርኽቲ ኣመሪካ ዝርከብኣን ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ኒቲ ወተሃደራዊ ስርሒት ኮኒነንኦ ኣለዋ፡፡

እቲ ዝተጨወየ መራሒ፡ ኣብ ከተማ ኒውዮርክ ንዝርከብ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ምሩኽ ኩናት ምዃኑን ንዝቐረበሉ ክሲ ምስግጋር ዕጹ ፋርስ ድማ ከም ዘይቕበሎን ሓቢሩ፡፡

## እስራኤል፡ ወተሃደራዊ ህላወኣ ኣብ ሶርያ ተስፋሕፍሕ



እስራኤል ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ወተሃደራዊ ህላወኣ ኣብ ሶርያ ንምስፍሕፋሕ እተካይዶ ዘላ ስጉምቲታት፡ 12 ወተሃደራውያን መካይን ናብ'ታ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ናይ'ታ ሃገር እትርከብ ቁኔይትራ እተባህለት ዓዲ ከም ዝለኣኸት፡ ወኪል ኣልጀዚራ ካብ'ቲ ቦታ ሓቢሩ፡፡

እዚ እስራኤል ዝሓለፈ ሰሉስ ፊጺሙቶ ዝበሃል ዘሎ ወራር፡ ተወሳኺ ምምዛስ ልኡላውነት ሶርያ ምዃኑን፡ ልኡኽ ሶርያ ብመንጎኛነት ኣመሪካ ኣብ ርእሰ ከተማ ፈረንሳ - ፓሪስ ምስ እስራኤል ዝርርብ ኣብ ዘካየደሉ ከም እተፈጸመን፡ መንግስታዊት ማዕከን ዜና ሶርያ 'ሳና' ገሊጹ፡፡

እስራኤል፡ ድሕሪ ውድቀት ንዋሕ እዋን መራሒ ሶርያ ዝነበረ በሽር ኣል ኣሳድ፡ ብሓይሊ ዝሓዘቶ መሬት ሶርያ ክንጽኑ ከቢቶታት ጎላን ከስፍሕ እንከሎ፡ ኣብ ደቡባዊ ሶርያ ድማ ብዙሕ መጥቃዕትታት ከም ዘካየደት ይሕበር፡፡

ንኣዋርሕ ዝኣክል ሓይልታት እስራኤል ዳርጋ መዓልታዊ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሶርያ ብፍላይ ድማ ኣብ ኣውራጃ ቁኔይትራ መጥቃዕትታት ተካይዶ፡ ማእሰርቲ ትፍጽምን ኬላታት ትተክልን ብምህላዋ፡ ቁጥዓን ዕግርግርን ህዝቢ እናዓበየ ይኸይድ ከም ዘሎ እዩ ዝግለጽ፡፡

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ እስራኤል ኣብ መላእ ሶርያ ልዕሊ 600 መጥቃዕቲ ኣየር፡ ሰብ ኣልቦ ነፈርትን መዳፍዕን ከም ዘካየደትን ብማእከላይ ገምጋም ድማ ኣብ መዓልቲ ዳርጋ ክልተ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመትን ይግለጽ፡፡

## ሪ/ማ/ኣፍሪቃ - ቶዋደራ ንሳልሳይ ግዜኡ ኣብ ምርጫ ተዓዊቱ

ፕረዚደንት ረፓብሊክ ማእከላይ ኣፍሪቃ ፋውስቲን ኣርቻንጅ ቶዋደራ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ብዑብላሊ ድምጺ ንሳልሳይ ግዜኡ ከም ዝተዓወተ፡ መጀመርታዊ ውጽኢት ናይ'ቲ ምርጫ ኣመልኪቱ፡፡

ልፍንታዊ ተቓዋሚ ሓይሊ ናይ'ታ ሃገር ግን እቲ ምርጫ ፍትሓውነት ከም ዘይነበሮ ብምጥቃስ ኒቲ ማስርሕ ድሕሪ ምቕዋሙ፡ እቲ ወዲ 68 ዓመት ፕሮፌሰር ስነ ሕሳብ ብሰፊሕ ክዕወት ምዃኑ ይግመት ነይሩ እዩ፡፡

ኣብ'ዚ ብ28 ታሕሳስ ዝተኻየደ ሃፈሻዊ ምርጫ፡ ልዕሊ 2.4 ሚልዮን ህዝቢ ድምጹ ክህብ ከም እተመዝገበ እዩ ዝሕበር፡፡

በዚ ድማ ቱዋዴራ 76 ሚእታዊት ድምጺ ከም ዝረኸበ፡ ዝሓለፈ ሰኑይ ኣጋ ምሸት ብኤጀንሲ ምርጫ'ታ ሃገር ዝተገልጸ መጀመርታዊ ውጽኢት የመልክት፡፡

ኣቐዲሞም ቀዳማይ ሚኒስተር ኮይኖም ዘገልገሉ ቀንዲ መወዳድርቱ ኣኒሰት-ጆርጅስ ዶሎጉለን ሄንሪ-ማሪ ዶንድራን ነፍሲ ወከፎም 15ን 3ን ሚእታዊት ጥራሕ ድምጺ ረኺቦም ኣለዉ፡፡



ክልቲኦም ፖለቲከኛታት፡ ኣብ'ቲ ምርጫ ምትላል ከም እተፈጸመ ብምግላጽ፡ እቲ ውጽኢት ክሰረዝ ጸዊዖም ኣለዉ፡፡

ሪፓብሊክ ማእከላይ ኣፍሪቃ፡ ብኸም ኣልማዝን ዩራንዩምን ዝኣመሰሉ ምድራዊ ማዕድናት ኣዝያ ሃብታም እኳ እንተ ኾነት፡ ብኣፍሪቃ ደረጃ ግን ሓንቲ ካብ'ተን ድኻታትን ዘይርጉኣትን ሃገራት እያ፡፡ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣስታት ፍርቂ ካብ ጠቕላላ ህዝባ ተጸባዪ ሰብኣዊ ሓገዝ ምዃኑ ይሕብር፡፡

ረፓብሊክ ማእከላይ ኣፍሪቃ፡ ተቓወምቲ ሓይልታት ኣብ 2013 ስልጣን ብምሓዝ ኒቲ ናይ ሽዑ ፕረዚደንት ፍራንሰዋ ቦዚዘ ካብ ስልጣኑ ድሕሪ ምእላዮም፡ ካብ ሽዑ ኣትሒዛ ኣብ ግጭት ተሸሚማ ከም ዘላ ይንገረሉ፡፡

ኣብ 2019፡ ኣብ መንጎ መንግስትን 14 ዕጡቓት ተቓወምቲ ጉጅለታትን ዝተኸተመ ስምምዕ ሰላም ኒቲ ወጥሪ ንምህዳእ ሓጊዙ እኳ እንተ ነበረ፡ ድሒሩ ግን ሽዱሽተ ዕጡቓት ጉጅለታት ካብ'ቲ ስምምዕ ሰላም ከም ዝወጹ፡ በዚ ከኣ እቲ ተሰኡ ተኻቢሩሉ ዝነበረ ርግኣት ናይ'ታ ሃገር ኣብ ሓደጋ ከም ዝወደቐ ይግለጽ፡፡

## ኢንዶነዥያ - ብዕልቕልቕ ብውሑዱ 14 ሰባት ሞይቶም



ኣብ ኢንዶነዥያ ብዘጋጠመ ሓደጋ ዕልቕልቕ ብውሑዱ 14 ሰባት ከም ዝሞቱ፡ ሓደ ብዓል ስልጣን ህይወት ኣድሕን ናይ'ታ ሃገር ዝሓለፈ ሰሉስ ሓቢሩ፡፡

እቲ ዝሓለፈ ሰኑይ ኣጋ ምሸት ዝዘነበ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብ ዞባ ሲያው ኣብ እትርከብ ደሴት ሲያው ዕልቕልቕ ከም ዘስዓበ ዝገለጸ እቲ ብዓል ስልጣን፡ 4 ሰባት ዛጊት ሃለዋቶም ከም ዘይተፈለጠ ኣብሪሁ፡፡

እቲ ዕልቕልቕ፡ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ኣባይትን ህንጻታት መንግስትን እውን ከም ዘዕነወ፡ ኣመሓዳሪ ሰሜን ሲላዌሲ ገሊጹ፡፡

ኣብ ደሴታት ጃቫ፡ ሱላዌሲ፡ ማሉኩን ፓፑዋን ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ኣብ ወርሓት ጥሪን ለካቲትን ልዑል መጠን ዝናብ ክዘንብ ትጽቢት ከም ዝግበር ዘረድኡ ክኢላታት ሜትዮሮሎጂ፡ እዚ ድማ ዝያዳ ሓደጋታት ዕልቕልቕ ከም ዘምጽእ ኣጠንቂቖም፡፡

ኣብ ዝሓለፈ ሕዳር፡ ኣብ ዞባ ሱማትራ ብሰንኪ ህቡባዊ ዝናብ ዝሰዓበ ዕልቕልቕን ምሕማም መሬትን ልዕሊ 1000 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ኣማኢት ሰባት ድማ ክሳብ ሕጂ ደኾም ኣይተረኽቡን ዘለዉ - ብመሰረት ጸብጻባት፡፡


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኅደና | ቁ.ስልኪ. |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣስመራ | 07/01/2026 | ኅደና ሓርነት ቁ.93-95፡ ጥቓ መገዲ ኣየር ኤርትራ | 120491 |
| ፋርማሲ ሂወት | | ኅደና ብድሆ፡ ከባቢ ሽዱ፡ (ጥቓ ኢንሹራንስ ነበር) | 123355 |
| ፋርማሲ ኣሸፋእ | | ኅደና ኪልዓውታ ቁ.57 ኣኽርያ ከባቢ እንዳ ዓሊበኺት | 07157709 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565